# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.194 | ሰሉስ 15 ሚያዝያ 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ




ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
'ተወልደ፣ ነበረ፣ ሞተ።'


ገጽ 4
ክንክን ነፍሰ-ጾር


ገጽ 5
ደረስትን ኣንበብትን ብሓባር ንመዘን


ገጽ 11
ዘዋሪት ዋንጫ ቅድድም ብሽክለታ ተዛዚሙ



# ቤት-ትምህርቲ ተሓጋገዝቲ ነርስ ግላስ፡ 122 ተመሃሮ ኣመረቓ

ኣብ ሓጋዝ እትርከብ ቤት-ትምህርቲ ተሓጋገዝቲ ነርስ ግላስ፡ ንዓመትን ፈረቓን ብዝዓበርን ክልሰ-ሓሳብን ዘሰልጠኖም 122 ተመሃሮ፡ ብ12 ሚያዝያ ብሰርቲፊኬት ኣመረቓ።

ዳይረክተር ናይ'ታ ቤት-ትምህርቲ መምህር ገብረብርሃን ሃብተገርግሽ ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ ኣባላት መበል 34 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝኾኑ ተመረቕቲ፡ ኣብ ሆስፒታላትን ትካላት ጥዕናን ባርንቱ፡ ደቀምሓረ፡ ከረን፡ መንደፈራን ተሰሊዖን ንዝተዋህቦም ግብራዊ ስልጠና ብዐቕዖት ከምዝዘዘሙ ብምሕባር፡ ኣብ ዝተመደብሉ ቦታ ስራሕ ሞያዊ ዓቕሞም ከም ዝዕብሉ ተላብዩ።

ሓላፊ ማእከላይ ወተሃደራዊ ሆስፒታል ግላስ ሌተናል ኮሎኔል ኣርኣያ ተኽለሃይማኖት ብወገኑ፡ ሞያ ሕክምና - ሕልና፡ ስነ-ምግባር፡ ዓቕልን ብቑዕ ፍልጠትን ከምዝሓትት ብምጥቃስ፡ ተመረቕቲ ንህዝቦምን ሃገሮምን ብተወፋይነት ከገልግሉ ጸዊዑ።


ስእሊ. ሰመረ እዮብ



ወከል ተመረቕቲ ብወገኑ፡ ብዝተመረቑሉ ዓውዲ ንህዝቦም ንምግልጋል ዘለዎም ድልውነት ኣረጋጊጹ።

ኣብ'ቲ ስነ-ስርዓት፡ ኣዛዚ እዚ. ህዝባዊ ሰራዊት ብርጋደር ጀነራል ተኽለ ልብሱ፡ ሓለቓ ስታፍ እዚ. ህዝባዊ ሰራዊት ብርጋደል ጀነራል ሚኪኤል ሃንስ፡ ከምኡ'ውን ፈጻሚ ዳይረክተር ኢንስቲትዩት ላዕለዋይ ትምህርትን ምርምርን ዶ/ር ሃይለ ምሕጹን ተሳቲፎም ነይሮም።

ኣብ ወርሒ ለካቲት 2013 ኣገልግሎት ዝጀመረት ቤት-ትምህርቲ ተሓጋገዝቲ ነርስ ግላስ፡ ሎሚ ዓመት ን5ይ ግዜኣ ተመርቕ ዘላ ኮይና፡ ካብ'ቲ 188 ደቀንስትዮ ዝርከብኦም 436 ተመሃሮ ከምዘመረቐት ሰነዳት የረድኡ።

# ዓሰብ - ክካየድ ዝቐነየ 'ሃገራዊ ዓውደ-ዘተ ባህላዊ ውርሻ' ተዛዚሙ

"ባህላዊ ዕበየትና - ቀንዴል ምዕባለና" ብዝብል ቴማ ካብ 11 ሚያዝያ ኣብ ከተማ ዓሰብ ክካየድ ዝቖየ ሃገራዊ ዓውደዘተ ባህላዊ ውርሻ፡ ብ13 ሚያዝያ ተዛዚሙ።

ኣብ'ዚ ዓውደዘተ፡ ንትሕዝቶ ኣካላዊ ባህላዊ ውርሻ፣ ምሕደራ ባህላዊ ውርሻ፣ ኣገባብ መጽናዕትን ሰነዳን ኣካላዊ ባህላዊ ውርሻ፣ ታሪኽ ዝምታን ዕንወትን ኣካላዊ ባህላዊ ውርሻ ኤርትራ፣ ትርጉምን መግለጽን ረቂቕ ባህላዊ ውርሻ፣ ትሕዝቶ ኣፋዊ ያታ፣ ደኪኑ ያታዊ ኣብይትን ኣፋዊ ደርፍታትን ብዜራትና፣ ተራ ሕብረተሰብ ኣብ ምዕቃብ ባህላዊ ውርሻ፣ ከምኡ'ውን ንመሰረታውያን ኣምራት ዓውደ-ምርኢት ስነ-ባህሊ ዝምልከቱ 13 መጽናዕታዊ ጽሑፋት ቀሪቦምን ተዘቲዩሎምን።

ከም ኣካል ናይ'ዚ ሃገራዊ ዓውደዘተ፡ ናብ'ታ ንኣማኢት ዓመታት ባህላዊ ስልጣኔን ምስ'ቲ ስልጣኔ ዝተሓሓዘ ቅርስታትን ወግዕታትን ተዓቒባ ዘላ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ደቡብ ደንካልያ እትርከብ ራሓይታ ዑደት ክካየድ እንከሎ፡ ሱልጣን ራሓይታ ዓብደልቓድር ዳወድ ንታሪኽን ስፍሓትን ናይ'ቲ ስልጣኔ ዝምልከት መብርሂ ሂቡ።

ሱልጣን ዓብዱልቓድር ኣብ መብርሂኡ፡ ኣብ'ቲ ከባቢ ዝያዳ ዳህሳስን ምርምርን ዝሓትት ኣካል ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ዝኾኑ ቅርስታትን ባህላዊ ወግዕታትን ስለዘለዉ፡ ንወለዶታት መምሃርን መወከስን ክኾኑ ምእንቲ፡ ብግቡእ ክጸንዕን ክስነድን ኣዘኻኺሩ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለን ሱልጣን ራሓይታ ዓብዱልቓድር ዳወድን ህያባት ተለዋዊጦም።

ብባህላዊ መሰናዶታት ኣብ ዝደመቐ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ኣምባሳደር መሓመድ-ሰዒድ ማንታይን ኣዛዚ እዚ. ምብራቕ ብርጋዴር ጀነራል ኣብርሃም ዓንደምን ዝተሳተፍዎ መዛዘሚ ስነ-ስርዓት፡ ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ኣብ ዘስመዖ ቓል፡ እቲ ዓውደ-ዘተ ብዓይነቱ ናይ ፈለማ ይኹን'ምበር፡ ተቐሲምዎ ዘሎ ተመኩሮን ፍልጠትን ዓቢ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ምምሕዳር ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ንዝገበሮ ኣበርክቶ ምስጋና ኣቕሪቡ።

# ደቡብ - ኣባላት ክፍሊ ባህልን ስፖርትን፡ ብምሕደራ ገንዘብን ኣተሓሕዛ ንብረትን ሰልጢኖም

ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ዞባ ደቡብ፡ ኣብ ንኣሳን ዞባታት ንዝለዉ 38 ኣባላት፡ ንፋይናንሳዊ ምሕደራን ኣተሓሕዛ



ንብረትን ዝምልከት ስልጠና፡ ካብ 8 ክሳብ 10 ሚያዝያ ኣብ መንደፈራ ወሃቡ።

እቲ ስልጠና፡ ብቐንዱ ፋይናንሳዊ ኣታዊታት ስፖርት ንምእካብ ክትግበሩ ኣብ ዘለዎም መምርሒታት ዘተኮረ ኮይኑ፡ ምስ መምርሒታትን ሕግታትን ፋይናንስ ተዛመድቲ ዝኾኑ ረቛሒታት የጠቓልል።

ስፖርታዊ ንጥፈታት ብኣበርክቶን ምወላን ከም ዝዕየድ ዓውዲ ብምዃኑ ካብ ህዝብን ትካላትን ዝውህለል ኣታዊታት፡ ግቡእ መስርሕ ተኸቲሉ ክእከብን ኣብ


ስእሊ. ሙሴ ግርማይ

ግቡእ መዓላኡ ክውዕልን ከምዝግባእ'ውን ተገሊጹ።

ሓላፊ ጨንፈር ኮሚሽን ስፖርት ዞባ ደቡብ ኣቶ ሃይለማርያም ገብረመድህን፡ እቲ ስልጠና ኣብ'ቲ ኣብ ኩሉ ዓውድታት ስፖርት ዕቤት ንምምዝጋብ ዝካየድ ዘሎ ጻዕሪ፡ ኣብ ኣተሓሕዛን ምሕደራን ፋይናንሳዊ ኣታዊታት ከምኡ'ውን ኣብ ዕቃብ ንብረት ስፖርት ቅርዑይ ኣገባብት ኣሰራርሓ ንምርግጋጽ ዝሕግዝ ምዃኑ ሓቢሩ።

ኣብ መዛዘሚ'ቲ ስልጠና፡ ዋና ዳረክተር ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ኣቶ ኣብርሃም የውሃንስ፡ ኣብ'ቲ ዞባ ንስፖርታዊ መዓላ ተባሂሉ ዝእከብ ኣታዊታት ብዝተጸንዐ መንገዲ ንክኸውን ይሰራሓሉ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ሰልጠንቲ ቀሲሞሞ ዘለዉ ትምህርቲ ዝያዳ ሓላፍነት ዘሰክም ምዃኑ ተገንዚቦም፡ ኣብ ተግባር ከውዕልዎ ኣተሓሳሰበ።

## ዜና

# መንደፈራ - ሞት ኣደን ዕሸልን ንምግታእ ዝዓለመ ዓውደ-ዘተ ተኻዪዱ

ኣብ ዞባ ደቡብ፡ ሞት ኣደን ዕሸልን ንምግታእን ኣብ ልዕሊ ደቂኣንስትዮ ጥዕናዊ ጸገማት ዘኸትል ጉዳኢ ልምድታት ንምውጋድን ኣካላት መንግስቲ ብፍላይ ድማ ምምሕዳራት ብወሃደት ክሰርሑ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ጸዊዑ።

ኣቶ ሃብተኣብ ተስፋጽዮን ብ9 ሚያዝያ ኣብ ከተማ መንደፈራ ኣብ ዝተኻየደ ዓውደዘተ ኣብ ዘመሓላለፎ መልእኽቲ፡ ንሞት ኣደን ዕሸልን ዘቃልዑ ተግባራት ብወሃደት ንምምካት፡ ወሃደት ናይ ኩለን መሓውራት መንግስቲ ወሳኒ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ መርዓ ትሕቲ ዕድመን ክሽቦ ጓልኣንስተይትን ካብ'ቶም ኣብ ግዜ ወሊድ ከበድ ጸገማት ዝፈጥሩ ዘለዉ ስለዝኾኑ፡ ንምውጋዶም ተረር ስጉምትታት ክውሰድ ምኻኑ ሓቢሩ።

ሓላፊ ጨንፈር ጥዕና ኣቶ ኣማኒኤል ምሕረትኣብ ብወገኑ፡ ቀንዲ ዕላማ ናይ'ቲ ዓውደ ዘተ፡ "ሞት ኣደን ዕሸልን ናብ ዜሮ" ንምውራድ ምኻኑ ብምሕባር፡ ኣብ እዋን ጥንሰን ድሕሪ ሕርስን ሰሩዕ ክትትል ዘይምግባር፡ ከምኡ'ውን ኣብ ትካል ጥዕና ዘይምሕራስ ካብ'ቶም ቀንዲ ጠንቅታት ሞት ከምዝኾኑ ኣብሪሁ።





ስእሊ. ሙሴ ግርማይ

ራሕቂ ካብ ትካል ጥዕና፡ ኣነን ኣብ ርሑቕ ገጠራት ዝነብራ ነፍሰጾራት ብደሃ ከምዝኾነ ዝሓበረ ዶ/ር ኣማኒኤል፡ ምውዳድ መጸበዩ ነፍሰጾራት ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ትካል ጥዕና ሓጊዙ መፍትሒ ስለዝኾነ ክድፋፋሉ ተማሕጺኑ።

ሓላፊ ኣሃዱ ድሕነት ኣደን ዕሸልን ኣቶ ኣሰፋው ነጋሲ ብወገኑ፡ ማጠን ኣብ ትካል ጥዕና ዝሓርሳ ኣደታት ናብ 60 ሚእታዊት ከምዝደየበ ብምብራህ፡ ወጽኢት ዝተኻየደ ንጥፈታት ዝዘርዘረ መጸበዩ ነፍሰጾራትን ከምዝኾነ ገሊጹ።

ኣብ ምምሕዳር ዞባ - ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣቶ ቃልኣብ ተስፋስላሰ ከኣ፡ ጥዕና ኣደን ህጻንን ምውሓስ ማሰረት ናይ ኩሉ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ተርእዮ መርዓ ትሕቲ ዕድመን ምኽንኻብ ጓልኣንስተይትን ንድሕነት ኣደ ኣብ ሓደጋ ዘውድቑ ተርእዮታት ስለዝኾኑ፡ ንምውጋዶም ግብራዊ ስጉምቲ ክውሰድ ተላቢዩ።

# ሃገራዊ ባንክ ደም ኤርትራ፡ ኣብ ምርግጋጽ ብቕዓትን ውሕስነትን ዝልገስ ደም ዘትዩ





ስእሊ. ዙቤር ስዒድ

ሃገራዊ ኣገልግሎት ባንክ ደም ኤርትራ፡ ምስ ሃገራዊ ቁጽጽር መድሃኒትን መግዘብን ሚኒስትሪ ጥዕና ብምትሕብባር፡ ኣብ ምርግጋጽ ብቕዓትን ውሕስነትን ዝልገስ ደም ዘተኮረ ዓውደዘተ፡ ብ9 ሚያዝያ ወዲቡ።

ኣብ'ቲ ሳዕለምት ሓለፍቲ ሚኒስትሪ ጥዕናን ወከልቲ ስቡሞያ ጥዕና ዞባታትን ዝተሳተፍዎ ዓውደዘተ፡ መዲካል ዳይረክተር ሃገራዊ ኣገልግሎት ባንክ ደም ኤርትራ ዶ/ር የውሃንስ ተኽስተ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ማእሩ-ማእረ'ቲ ወሓስ ቀረብ ደም ክህሉ ዝቐደ ጻዕሪ፡ ብቕዓቱን ውሕስነቱን ንምርግጋጽ ዝዓለመ ስርዓት ማእቢሉ ከምዝኾነ ሓቢሩ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ኣብ ስሩፍልጡታዊ ኣምር ምርግጋጽ ውሕስነት ደም፣ ምስ ደም ተኣሳሲርም ዝመጹ ሳዕቤናትን ኣጉዚብ ምሕደራኦምን፡ ከምኡ'ውን ኣብ መንጎ ሃገራዊ ኣገልግሎት ባንክ ደም ኤርትራን ሃገራዊ ቁጽጽር መድሃኒትን መግዘብን ክህሉ ዘለዎ ናይ ስራሕ ምውህሃድን ዝገልጽ ጽሑፋት ቀሪቡ።

ተሳተፍቲ ኣብ ዝቐረበ መዛዘዪ ጽሑፋት ምርኩስ ብምግባር ድሕሪ ዘቐደዎ ዘተ፡ ሓጋዚ ሓሳባትን ርኢይቶታትን ኣቕሪቦም።

ዳይረክተር ሃገራዊ ቁጽጽር መድሃኒትን መግዘብን ኣቶ ኢያሱ ባህታ ኣብ ዘስመዖ መዛዘሚ ቃል፡ ውሕስነት ደም ንምርግጋጽ ንዝተወሰደ ተበግሶ ብምምጓስ፡ ተራ ሰብ ሞያ ጥዕና ብሓፈሻ ናይ ትካላት ጥዕና ድማ ብፍላይ ክዓዝዝ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ 1999 ዝተመስረተ ሃገራዊ ባንክ ደም ኤርትራ፡ ትሕከዙ ደም ብዓይነትን መጠንን ንምስሳን ዝሕግዱ ዘሎ ጻዕሪ እወታዊ ኀኪጎስ እናመዝገበ ብምምጻእ፡ ካብ 2020 ክሳብ 2024 ብ48.5 ሚእታዊት ዕበየት ከምዝመዝገበ ሰነዳት የረድኡ።

# ሃይኮታ - ምትእትታው ጸሓያዊ ጸዓት ኣብ ልምዓት ጀራዲን ኣበርክቶ ይገብር

ኣብ ንኡስ ዞባ ሃይኮታ፡ ምትእትታው ጸሓያዊ ጸዓት ኣብ ልምዓት ኣሕምልትን ፍረታትን ጽቡቕ ወጽኢት ከምዘተረኽቡ ስቡሞያ ሕርሻን ሓረስቶትን ሓቢሮም።

ኣብ ጕምጕም ሩባ ጋሽ 48 ሄክታር ኣብ ምልማዕ ዝተዋፈረ ሓረስታይ ኣብደ ተኽለማርያም ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ክኸተሎ ዝጸንሐ ልዑል ሃልኪ ኑዳዪ ዝጠልብ ረስናዊ ኣገዛብ ብጸሓያዊ ጸዓት ንምትካእ ዝወሰዶ ተበግሶን ዝቐደዶ ፈተነ፡ ወጽኢታዊ ኮይኑ ስለዝረኸቦ ንምስፍሑ መደብ ከምዘለዎ ገሊጹ።

ካልኦት ኣልማዕቲ ጀራዲን ብወገኖም፡ ብጀነሬተራት ዝቐደ ማሰናኣዊ ሕርሻ ልዑል ወጻኢታት ክሓትቶም ምጽንሑ ብምጥቃስ፡ ኣብ ዕድጊ ኑዳድን መቀያየሪ ሞተረታትን ዝጠፍእ ዝነበረ ወጻኢታት ንምንካይ፡ ጸሓያዊ ጸዓት ንምትእትታው ተበግሶ ክወስዱ ጀሚሮም ምህላዎም ኣረጋጊጾም።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ተኾመ መድሃኔን ክኢላ ልምዓት ኣሕምልትን ፍረታትን ኣቶ ሚኪኤል ኢያብን ድማ፡ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ዝርከቡ ልዕሊ 70 ኣልማዕቲ ጀራዲን፡ መብዛሕትኦም ረስናዊ ኣገዛብ ስለዝኸተሉ ብዙሕ ወጻኢታት ክሓትቶም ስለዝጸንሐ፡ ጸሓያዊ ጸዓት ብስፍሓት ክተኣታትዉ ጀሚሮም ከምዘለዉ ሓቢሮም።

ሓላፊ ኣሃዱ ቁጠባዊ ልምዓት ኣቶ ሄኖክ ጸጋይ ብግዲኡ፡ ምትእትታው ጸሓያዊ ጸዓት ንኣልማዕትን ተጠቀምትን ዘርብሕ ብምዃኑ፡ ብዝሰፍሐ ንምትእትታዉ ቀረብ ጸሓያዊ ጸዓት ቁልሕታ ክወሃቦ ኣተሓሳሰበ።




## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጳ. 247

**ለይ-ኣውት**
ፍርቱና ኤፍሬም　ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ　ሰሎሜ ኣፈወርቂ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቍ.ስ.163471-07588045
**ምልክታ**
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጳ. 1284

ሽባብ
ሃማመተኤ

ትዕዝብቲ

# ‘ተወልደ፣ ነበረ፣ ሞተ።’

ስንክልናኦም ሓሊኹ ዘይሓዞም፡ ህይወት ንዝቕረበትሎም ዝተፈላለየ መሰናኽላት ብጥበብ እናሓለፉ፡ ኣርኣያ ክኾኑና በቒዖም’ዮም። ነዚኦም ከየስተውዕለሎም ዓይኑን ልቦናኡን ዝደፈነ፡ ብስርቅን ክትራንን ናብ ቤት ማሕቡስ ዝመላለስ ወልፈኛ ኸ እታ ምንባሩ ከመይ ኮን ትኸውን ዓይነታ?

ኣስቴር የማነ

ንምንባር ክንብርዮ ካብ ዝጅምር ገለ ዓመታት ኣሕሊፈ ኣለኹ። በቲ ልክዕ ይበቕዖ እዩ ዝበልኩዎ ትርጉሙ ማለተይ እየ። ሓደራኹም፣ “ቅድሚኡ ኸ?” ኢልኩም ኣይትሕተቱኒ። እቲ ምንታይ ልክዕ መልሲ ክረኽበልኩም ኣይክእልን እየ። ‘ንስለ ምንባር ምንባርን’ ‘ንዝነብሩ ምንባርን’ ዝበሃል ዓይነታት ምንባር ከም ዘሎ ግን ኣጥዕየ ፈሊጠ ኣለኹ። ከመይሲ፡ ኣነ’ውን ብግደይ ሓንሳብ ንዝነብሩ እናኣናበርኩ፡ ሓንሳብ ከም ሻሙ ኣብዘን ኣብትን እናበልኩ እየ ዝነብር ነይረ። “ትርጉም ምንባር እንታይ እዩ፧” ኢለ ንነብሰይ ከዋጥራ ምስ ጀመርኩ ግን ብልክዕ እነብር ከም ዘይነበርኩ ክስወጠኒ ክኢሉ። እንተ ሎሚ ግን ኣንፈት ምንባረይ ባዕለይ እናኣማእዘንኩ እነብር ኣለኹ’ሞ ንዓይ የማስልኩም።

ወዲ-ሰብ ይውለድ፡ ይጉብዝ፡ ይዓቢ፡ ይሽምግል፡ ናብቲ ዘይተርፍ ሞት ድማ የምርሕ። ካብታ ድቂ ኲይኑ ዝተፈጥረላ ክሳብ’ታ ትንፋሱ ካብ ስጋኡ ትፍለየላ ዘሎ ናይ ግዜ ገደብ ድማ ‘ምንባር’ ይበሃል። ከም ብዝሒ ዓይነትና፡ ኣነባብራና’ውን ሓበጀረዋይ ክኸውን ንቡር እዩ። ትርጉም ምንባር ክፈልጥ ኢለ የማን ጸጋም ኣብ ዝበልኩሉ ግዜ፡ ኣቕሊበሉ ዘይፈልጥ ነገራት ጕሊሑ ክረኣየኒ ክኢሉ። ዋላ’ኳ እቲ ልክዕ መልሲ ኣይርከቦ፡ ገለ ሓድሽ ርድኢት ግን ከትሕዘኒ ክኢሉ እዩ።

ደቂ-ሰባት ኣብ ሓድሕድና እናተደጋገፍና እንነብር ማሕበራውያን ፍጥረት ምዃንና ዘይከሓድ ሓቂ እዩ። ብቑጽሪ ውሑዳት ካባና ግን ብምሉእ ርእሰ-



ምትእምማን ብውልቀም ‘ደው’ ኢሎም ክነብሩ ዝኽእሉ ንርኢ ኢና። ከምዚኦም ዓይነት ሰባት፡ ከም ዓንዲ ሕቚ ደው ኢሎም ክነብሩ ብምኽኣሎም ጥራይ፡ ንኻልኦት ብዙሓት ዘናብሩዎም ምስኦም ተሰኪሞም ዝነብሩ እዮም። ይኹን ደኣ እምበር፡ እቶም እዚ ብቕዓት ዘሎዎም ሰባት ምውሓዶም ከይኣክል፡ በቶም ዝተጸግዑዎም’ውን ስለ ዝኽወሉ ዘበዝሕ ግዜ ንብቕዓቶም ዘስተውዕለሉ ውሑድ እዩ። እቶም ምስኦም ተለጢፍና ደው ኢልና ዘለና ከይተረፍና፡ ብናትና ዓቕሚ ደው ኢልና ንነብር ዘለና ኰይኑ ስለ ዝስመዓና፡ ንኣኦም ነናብሮም ምህላውና ኣይንፈልጥን። እታ ዓለሞም ዓለምና ኰይና ትስመዓና።

ከም ገለ ኢላ እታ ምስኦም ተነዲቕናላ ዘለና ቅርጺ ምስ እትፈርስ ድማ ምግላጽና ዘይተርፍ ይኸውን። ብዝኾነ ምኽንያት ዓንዲ ሕቘና ካባና ምስ ዝእለዩ፡ ንምንባርና መቐረት ክንስእነሉ እንርእ ድማ ውሑዳት ኣይኮናን። ብጕጅለ ኣብ እንሰርሖ ስራሓት ክንደይ ካባና ኢና ንኻልእ ከይተጸበና ዓቢ ኣበርክቶ ክንዓምም እንጽዕር? እስከ ሓቂ ንዛረብ፣ ንውልቅና ብትብዓት ደው ክንብል ንፈርሕ የለናን ዲና? ካልእ ኣብነት ድማ ኣለና። ብየማነ ጸጋሙ ሰባት ኣኽቢቡ እንክሎ ብጽምዋ ዝወሓጥ ሰብ ኣብ ከባቢና ደሊና ኣይንረክብን ዲና? ከምዚ ኢልና ኣብ ሓድሕድና እናተሓባእና ክንነብር ንርእ ክንደይ ኢና ግዲ? ብስራሕን ብማሕበራዊ ናብራን ማለተይ እየ። “መነመን ኢና ንነብር ዘለና፣ መነመን ኢና ኸ ነናብር ዘለና?” ንዝብል ሕቶ ግን መልሱ ምሳና ስለ ዘሎ ኣናዲና ንርከቦ።

መንፈስካን ስጋኻን ዝዓግበሉ ስራሕ እናዓየኻ ትነብር እንተ’ለኻ ኢኻ ነቲ ልክዕ ምንባር ትነብሮ ዘለኻ ዝብል ርእይቶ እዩ ዘለኒ። ኣብ ኣካላትካ ዘሎ ጸዓት፡ ኣብ ግቡእ መዓላኡ ኣውዒልካ እንተ ዘይኣፍሪኻሉ ተገምጢሉ ንኣኻ ክበልዓካ እዩ ዝርአ። ቀሊል ኣብነት እስከ ንርአ። ብዘይ ዕዮ ተረዩዕካ እንተ ውዒልካ፡ መውጽኢ ዝሰኣነ ጸዓትካ ከም ከቢድ ጽዕነት ተጻዒኑካ እዩ ዝውዕል። ዝባቔጥካዮ ዘይብልካ ብድኻም ዘግ ትብል። ጸዓትካ ኣብ ክፉእ ግብሪ ምምሃዝን ምትግባርን እንተ ኣውዒልካዮ ድማ ሕልናኻ ምሕላፍ ይኸልኣካ እሞ ምስ ነብስኻ ትበኣስ። ግብርኻ ብስጋ እንከላይ ዘቕጽዕ እንተ ኰይኑ ከኣ ገደደ። ናይ ምንፈስካን ስጋኻን ስቓይ ትቕበል። ንጸዓትካ ብዝግባእ ኣማእዚንካ ምስ እትጥቀመሉን ኣብ ዓወት ምስ እትበጽሕን ግን ፍረ ዓወትካ እናበላዕካ ብሰባትን ብሕልናኻን እናተናኣድካ ብጽቡቕ ትነብር። ጽቡቕ ናብራ ዘየብህን ሰብ ኣሎ ዝብል ግምት ከኣ የብለይን። ስለዝኾነ ድማ ‘መንበሪናን ምናበሪናን’ ከነጸብቕን ከነጣጥሕን የማን ጸጋም እንተ በልና ኣየኽፍኣልናን።

ብምስትውዓል ከባቢና እንተ ተዓዚብና፣ ‘ገለን ብማይ ገለን ሰኣን ማይ’ ንዝብል ምስላ ዘዘክር ብዙሕ ዓይነት ምንባር ከም ዘሎ ክበርሃልና እዩ። ኣብ ቁላሕታና፡ ገለን ምንባር ተመንዩዎ ባዕሉ ነብሱ ዘጥፍእ፣ ገለን ከኣ ንስለ ምንባር መታን ክቕጽል ፈትሊ ዕምሩ ክሳብ ትብተኽ ብሓገዝ መስተንፈሲ እናተሓገዘ ኣብ ሆስፒታላት ክእለ ርኢና ኣለና። ነዛ ድራር እለቱ ዝሸገር ግን ከኣ ምስ ህይወት ተሓናኒቑ ዝገጥም ነባሪ ኣሎ። ብኣንጻሩ፡ ጽጋብ ዝሰንጠቖ ገንዘቡ እናደርበየ ንገፊሕ ሸውሃት ምቑቱ ከርዊ ዝነብር’ውን ኣሎ። ብሰንኪ ኲናት መንበሪ ቤት እኳ ዘይብሉ፡ ኣብ ቴንዳን ፍርስራስ ገዛውቱን እናተዓቑበ ምስ ምንባር ዝቃለስ ወዲ ኣዳም ኣሎ። መሬት ጸቢባቶስ ናብ ካልኦት ፕላኔታት ከይዱ ካልእ ምንባር ክነብር ዝደሊ ሓዊ ወዲ ኣዳም ከም ዘሎ ኸ ኣይረኣናን ዲና? ናይ ኣእምሮ ሕማም ሃልዩዎ፡ ክዳኑ እናደርበየ ዕርቃኑ ወጺኡ ዝነብር ነባሪ ኣሎ። ብዘጌጸ ኣልባሳት ንኣካላቱ ኣገምጂዩ ውሻጠ-ውሽጡ ግን ብዕርቃን ዝጣራዕ መናብርቲ ኸ የብልናን ዶ ትብሉ?

ኣብቲ ‘ተወልደ፣ ነበረ፣ ሞተ።’ ዝብል ገደብ ግዜና ዝተፈላለየ ገጻት ምንባር ክርኣዮ ንቡር እዩ። እቲ ምንታይ፣ ህይወት ንኹልና እተቋድሰና ሓደ ዓይነት ሸሻይን መከራን ስለ ዘየለ። “ኣብ ልዕሊ ህይወት ብኸመይ ምልክና ነርኢ?” ንዝብል ሕቶ ንጕድኒ ገዲፈ፡ ገለ ካብቶም ኣብ ገጻት ምንባር ዝርኣዩ ምስልታት ክጠቅስ።

ህይወት ሰብ ብምሕላፍ ገበን ፈጺሙ ኣብ ማሕዩር ትረኽቦ ነባሪ ኣሎ። ናይ ካልእ ሰብ ምንባር ኲሊፉ፡ እንታይ ዝጥዕም መቐረት ምንባር እናስተማቐረ ኮን ይነብር ይኸውን? “ሰብ ጸሊኡ” እናበለ ንበይኑ ብሒቱ ክነብር ዝፍትን ሰብ ኣብ ከባቢና ኣይንስእንን ኢና። ብሰንኪ ሕማሙ ንነዊሕ ዓመታት ኣብ ዓራት ዝተደነሰ፡ ምስ ሰባት ዝነበሮ ዝምድና ዝላሕልሖ ሰብ’ውን ኣሎ። ብናፍቖት ሰባት እናተሳቐየን ብጽምዋ እናተበልዐን ይነብር ምህላዉ ኸ ይኽወለና ዶ ይኸውን?

ስንክልንኦም ሓሊኹ ዘይሓዞም ዓይነ-ስውራን ይኹኑ ጽሙማን ኣብ ዙርያና ኣለዉ። ህይወት ንዝቕረበትሎም ዝተፈላለየ መሰናኽላት ብጥበብ እናሓለፉ፡ ነብሶም ንኽኽእሉ ፋሕተርተር ኢሎም ክነብሩ ትርኢ። ካብኡ ሓሊፎም’ውን ንሶም ዝኣልዩዎ ስድራን ሕብረተሰብን ኣብ እንግድዓኦም ጸይሮም ክሽዱ ርኢና ኢና። ኣርኣያ ክኾኑና በቒዖም እዮም። ነዚኦም ከየስተውዕለሎም ዓይኑን ልቦናኡን ዝደፈነ፡ ብስርቅን ክትራንን ናብ ቤት ማሕቡስ ዝመላለስ ወልፈኛ ኸ እታ ምንባሩ ከመይ ኮን ትኸውን ዓይነታ?

ሓረግ ወለዶኣ ዘቐጽል ውላድ ብምስኣና፡ ትርጉም ምንባር ዝሓርበታ ሰብ ኣብ ከባቢና ኣላ። ፈቓዶ ኣድባራትን ‘ኣላ’ ዝተባህለት ሕክምናን እናኸለለት ክኾነላ እትፍትን ሰብ፣ ማህጸና ፍረ ክጸውር ተዓዲሉዋ ክነሱ፡ ኣብ መንጎ ህይወትን ሞትን ተቛርቂራ ንዝወለደቶ ህጻን ጸላምን ጽምዋን ተጕልቢባ ውሉዳ እትድርቢ ወላዲት ከ ጣዕሚ ምንባራ ከመይ ገይራ ኮን መረደኣትና ትብሉ?

“ምንባር እንታይ እዩ? መለክዒ ናይ ምንባር ከ እንታይ እዩ? ይነብር ድየ ዘለኹ?” ዝብል ሕቶታት ብዘይ ቃልዓለም ክንምልሶ ምስ እንፍትን ንምንባርና ትርጉም ክንረኽበሉ ንኽእል ኮይኑ ይስመዓኒ። መቸም፡ ኣየር እናሰሓብና ስለ ዘስተንፈስና ወይ’ውን ኣብ ልዕሊ ምድሪ ንዛወር ስለ ዘለና ጥራይ ብምልኣት ንነብር ኣለና ክንብል እንኽእል ኮይኑ ኣይስመዓንን። በዚ ኮይኑ በቲ፣ ኣብ መወዳእታ ኣብ ካንሻስ ህይወትና ብዝተፈላለየ ሕብርታት ዝወቀበ ዝተፈላለየ ቅብኣ ቀቢእና ነዛ ዓለም ንፍለያ። ንታሪኽ ምንባርና ዝገልጽ ድማ እዩ። ተረዲእናን ከይተረደኣናን ዝቐባእናዮ ቅብኣታት፡ ብዝተፈላለየ ‘ቅዲ’ ተዳልዩ ይተርፍ። እቲ ብቕዲ ሪያሊዝም ዝተዳለወ፡ ንዓይኒ ዝስሕብን ማንም ንኽርድኦ ዘየጸግምን ክኸውን ከሎ፡ ገሊኡ ቅብኣታትና ግን ብቕዲ ኣብስትራክት ዝተዳለወ ክኸውን ንቡር እዩ እሞ ኣይንገረም። ፍልልይ ብህይወት ምንባር ከምኡ ስለ ዝኾነ።

ልቦና

## ኣነቓቓሒ ዛንታ

ሱራፌል ተ.

### ጥበብን ሓይልን

ሓደ ወረቓቕቲ ዘፍሪ ትካል፡ ኣብ ዓመት ሓደ ግዜ፡ ነቶም ገረብ ዝቘርጹ ሰራሕተኛታቱ ውድድር የካይደሎም ነበረ። ሓደ ሓዊ ሓዊ ዝጨኑ መንእሰይን ሓደ ዕድመ ዝደፍኣ ሰብኣይን ድማ ንውድድር ተቐረቡ። እቲ ኣብ 24 ሰዓት ዝበዝሐ ገረብ ዝቘርጸ’ዩ ቀዳማይ ዕዉት ኲይኑ ዝወጽእ።

እቲ መንእሰይ ብርቱዕ ሃረርታ መሊኡዎ፡ ብሻዓኡ ናብቲ ናይ ኣግራብ ቦታ ብምእታው፡ ብደቡባዊ ሸነኽ ክቘርጽ ጀመረ። ምሉእ መዓልቲ ከኣ ክቘርጽ ወዓለ። ድምጺ ናይቲ ብ ሸነኽ ሰሜን ዝነበረ መወዳድርቱ ሰብኣይ ይሰምዖ ነበረ። ጽቡቕ ይስጉም ከም ዘሎ እምነት ኣሕደረ። ምኽንያቱ፡ ኣብ ዝተወሰነ እዋን ብሰሜን ወገን ድምጺ ናይ ዝወድቕ ገረብ ኣይሰምዕን ነበረ። እቲ መንእሰይ ዛሕሊ ናይቲ ሰብኣይ ናብ ረብሓኡ ንምውዓል ጸጋ ንእስነቱ፡ ሓይሉን ተጻዋርነቱን ተጠቒሙ ብዘይ ዕረፍቲ ስርሑ ቀጸለ። ኣብ መወዳእታ እቲ ውድድር፡ እቲ መንእሰይ ነቲ ኣብ ድሕሪኡ ዝራዕረዖ ኣግራብ ብምጥማት ከም ዝተዓወተ ርጉጽ ክወስዶ ኣይተማትኣን።

ኣብቲ ስልማት ዝወሃበሉ መድረኽ ምስ በጽሐ፡ ኣብ ጉድኒ እቲ መወዳድርቱ ሰብኣይ ደው በለ። ኣብ ገጽ እቲ ሰብኣይ ከምቲ ናይቲ መንእሰይ ዝርአ ዝነበረ ናይ ዓወት ምትእምማን ወይ ብኣንጻሩ ይርአ ኣይነበረን፣ ርጉእ ነበረ። እቲ መንእሰይ ነቲ ሰብኣይ ምስ ጠመቶ፡ ከምቲ ኣብ ገዛእ ገጹ ዝነበረ ድኻም ኣብቲ ሰብኣይ ኣይረኣየን።

እቲ ውጽኢት ተነበበ። እቲ መንእሰይ ኣዝዩ ሰንበደ። እቲ ሰብኣይ መዳልያኡ ተቐቢሉ ምስ ወረደ፡ እቲ መንእሰይ ውትፍ ኢሉ፤ “ኣነ ምሉእ መዓልትን ለይትን ብዘይ ዕረፍቲ ክሰርሕ እንከለኹ፡ ኣብ ሰሰዓት ተዕርፍ ምንባርካ እፈልጥ ነይረ’የ። ኣነ ካባኻ ይተርርን ይበቅዕን። እዚ ከመይ ኢሉ ይኸውን?” ክብል ሓተቶ።

“ነፍሲ ወከፍ ሰዓት ከዕርፍ እንከለኹ፡ ፋሰይ ኣብልሕ’የ ነይረ። ንስኻኸ?” ብምባል መሊሱሉ ተዓዘረ።

inspirationalstories.com

# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ክንክን ነፍሰ - ጾር

ዓመት መጸ 7 ሚያዝያ ዓለምዊ ዝኽሪ መዓልቲ ጥዕና ኮይና እያ ትጥቀስ። ኣብዚ ዕለት'ዚ ኣ ውድብ ጥዕና ዓለም ብዘካይዶም ኣብ ጥዕና ዝተመርኮሱ መጽናዕትታት፡ ፍሉይ ኣተኩሮ ብዘለዎ ዘድልየም ኩነታት ጥዕና ዝርዝራዊ መግለጺ የውጽእ። ሎሚ ዓመት እዛ ዕለት'ዚኣ "ብድሕነት ኣደን ዕሸልን ትሰፋው መጻኢ ነውሕስ!" ብዝዝበል ቴማ እያ ተዘኪራ ዘላ። ነፍሱ ጾራት ሰሩዕ ኣገልግሎት ጥዕና ሰኣን ምጥባርን ወይ ምርካብን ዝረጋጸም ዘሎ ሞት ኣዴታትን ዕሸላትን ንምዝኽኻር ዝዓለመት ቴማ እያ። ኣብ ናይ ሎሚ ዓምዲ ጥዕና፡ ሓንቲ ነፍሰጾር ጥዕንኣን ጥዕና ናይቲ ዕሸልን ንምውሓስ ክትገብሮ ብዘለዓ ዝግባእ ክንክን ዝምልከት ጽሑፍ ሰፊሩ ይርከብ። ሰናይ ንባብ።

### ግዜ ጥንሲ

ጥንሲ (pregnancy) ዝርኢ ወዲ ተባዕታይ ምስ እንቋቑሖ ጓለንስተይቲ ካብ ዝተወሃሃደሉ ክሳብ ህጻን ዝተወለደሉ ግዜ የጠቓልል። ግዜ ጥንሲ ብሰሙንታት እዩ ዝቑጸር። ጥንስቲ ክትተንሱ እተኽእሊ እቲ ዝበለጸ ግዜ ኣብ ፍርቂ ዑደተ-ጽግያት እዩ። እታ ዝጸንዐት እንቋቑሖ ኣብ ማህጸን ክትምዕብል ካብ ዝጀመረትሉ ግዜ ጀሚሩ ክሳብ እቲ ቆልዓ ዝውለድ ዘሎ ንውሓት፡ 'ግዜ ጥንሲ' ተባሂሉ ይጽዋዕ።

ጥንሲ ንኣስታት 9 ኣዋርሕ ወይ 40 ሰሙንታት ይጸንሕ። ግዜ ጥንሲ፡ ካብታ ናይ መጀመርታ መዓልቲ ናይታ ዝሓለፈት ምፍሳስ ደም ጽግያት (እቲ ሓቀኛ ጥንሲ ቅድሚ ምጥጣሙ ዘሎ ከበቢ ክልተ ሰሙናት) ጀሚሩ ይቑጸር። ግዜ ሕርሲ ድማ፡ ካብታ መወዳእታ ናይ ጽግያት ደም ዝተራእየሉ ግዜ ጀሚርካ ድሕሪ 40 ሰሙንታት የጋጥም።

### ምልክታት ጥንሲ

ጓለንስተይቲ ጥንስቲ ምዃና ዝርኢ ምልክታት ካብን ናብን ዝፈላለ'ኳ እንተኾነ፡ ኣብተን ቀዳሞት ሰለስተ ኣዋርሕ ንግሆ ክትንስእ ከላ ዕውልወል ምባል፡ ከተምልስ ምድላይ፡ ድኻም፡ ሸውሃት ምዕጻው ወዘተ ክዘርዝሩ የኽእል። ጽግያት ደው ምባል ድማ ኣብ ኩለን ደቀንስትዮ ዝርአ ምልክት እዩ። ቃንዛ ጡብ፡ ካብ ንቡር ወጻኢ ምጽላም ኣፍ ጡብ ካልእ ምልክታት ጥንሲ እዩ።

ካብ ኣርባዕተ ክሳዕ ሸውዓተ ወርሒ ዘሎ ጥንሲ፡ ንመብዛሕትአን ደቀንስትዮ እቲ ዝመቸአ ግዜ ኣብ መላእ ናይ ጥንሲ ግዜ እዩ። ኣብዚ ግዜ እዚ፡ እተን ደቀንስትዮ ምሉእ ሓይሊ ክስምዐን እዩን ዝረኣያ።

ጓለንስተይቲ ነፍሰጾር ምዃናን ዘይምዃናን ምሉእ ብምሉእ ዘንጽር ናብ ሕክምና ብምኻድ መርመራ ምስ እተካይድ ጥራሕ እዩ።

### ዕሸል

ሓንቲ ነፍሰጾር ካብ ራብዓይ ወይ ሓምሻይ ወርሒ ጥንሳ ጀሚራ፡ እቲ ዕሸል ክንቀሳቐስ ከሎ ክትሰምዖ ትኽእል እያ። እታ ነፍሰጾር ቦኽሪ ምስ ዘይትኾነ፡ ኑቲ ምንቅስቓስ ኣቐዲማ ከተስተብህለሉ ትኽእል እያ። እቲ ምንቅስቓስ ናይቲ ዕሸል ኣብ ሰሙን ንዝተወሰነ ግዜ ጥራይ ክስምዓ ይኽእል እዩ። ድሕሪ ቁሩብ ሰሙንታት ግን መዓልታዊ ክስምዓ ይጅምር።

ዕሸል ሸውዓተ ወርሒ ኣብ ዝበጽሓሉ ግዜ ከበቢ 1 ኪሎ ግራም ይምዝን። ኣስታት 35 ሰንቲ ሜትር ድማ ንውሓት ይህልዎ። እዚ ዓቐን'ዚ ካብን ናብን እታ ነፍሰጾር ጓለስተይቲ ክፈላለ ይኽእል እዩ። ኣብዚ ግዜ'ዚ እቲ ዕሸል ምሉእ ብምሉእ ይምዕብል።



ዕሸል ኣብ መወዳእታ ናይ ጥንሲ ኣዋርሕ ሚዛኑ ኣዝዩ ይዓቢ። ኣብ መወዳእታ ሻሙናይ ወርሒ፡ ከበቢ 3 ኪሎ ግራም ይምዝን። ቅድሚ ሕርሲ ዘሎ ናይ መወዳእታ ወርሒ፡ እቲ ዕሸል ኣቃውምኡ ይቕይር። ርእሱ ናብ ጎሎ ናይታ ጓለንስተይቲ ይገብር። ኩሉ ነገር ድማ ንሕርሲ ድልው ይኸውን።

ሓንቲ ጓለንስተይቲ ነፍሰጾር ምዃና ምስ እተረጋግጽ ጥዕንኣን ጥዕና ናይቲ ኣብ ከብዳ ዘሎ ዕሸልን ንምውሓስ ግቡእ ክንክን ክትገብር ይግባእ። ገለ ካብቶም ሓካይም ዝህብዎ ምኽርታት ንምጥቃስ፦

### እኹል ቫይታሚን 'ዲ'ን 'ፎሊክ ኣሲድ'ን ምውሳድ ምርግጋጽ

'ፎሊክ ኣሲድ' (Folic acid)፡ ቫይታሚን 'ቢ' ምዃኑ እዩ፡ ኣብ ማህጸን ዘሎ ዕሸል ኣብ መትናዊ ሻምብቆታት ጸገማት ከየማዕብል ዝሕግዝ መኣዝ እዩ። እዚ መኣዝ'ዚ ናይ ምጥናስ መደብ ካብ ዝህልወኪ እዋን ኣትሒዝኪ ብግቡእ ዓቐኑ ክትወስድዮ ተመሪጺ እዩ። ጥንሲ ኣብ ዝሓዘክሉ እዋን ክትጀምርዮ ከም እትኽእሊ'ውን ክኢላታት ይገልጹ እዮም። እቲ ጥንሲ ክሳብ 12 ሰሙንታት ዘቑጸር ክወሰድ ይከኣል።

**ቫይታሚን 'ዲ' (Vitamin D)**፡ እቲ ዕሸል ተሪርን ጥዕና ዘለዎን ኣዕጽምቲ፡ ኣስናን ከምኡ'ውን ጭዋዳ ከማዕብል ይሕግዝ። መጠን 'ካልሽዩም' ከምኡ'ውን 'ፎስፌይት' ኣብቲ ዕሸል የመዓራርዮ። ቫታሚን 'ዲ' ብመልክዕ መተካእታ ከኒናታት ይዳሎ እዩ። እታ ነፍሰጾር ዋሕዲ ናይዚ መኣዝ'ዚ ከም ዘለዋ ምስ እትግንዘብ፡ ናብ ሓኪም ብምኻድ ክትወስዶ ይከኣል እዩ።

- ቀርበት ሰብኪታ ምስ ዝፍሕሸ፡ ምስ ዝደርቕን ከምኡ'ውን፡
- ብዙሕ ግዜ ኣብ ገዛ ተዓጺጣ ብምውዓል፡ እኹል ጸሓይ ብርሃን ትረኽብ ከምዘየላ ምስ እትሓስብ፡ ዋሕዲ ቫይታሚን 'ዲ' ከይህልዋ ናብ ሓኪም ብምኻድ ዘድሊ ምኽሪ ክትረክብ ትኽእል እያ።

### ነፍሰጾር ንጥፍቲ ክትከውን ይግባእ

ነፍሰጾር ኮይና ተረዲኣ ትውዕል እንተኾይና ንጥዕንኣን ንጥዕና እቲ ናይቲ ኣብ ከብዳ ዘሎ ዕሸልን ጸቡቕ ኣይኮነን።

ተረዲዕን ዝውዕላ ነፍሰጾራት ልዕሊ ንቡር ክብደት ሰብነት ከማዕብላ ዘለወን ተኽእሎ ዝለዓለ እዩ። ብሕማም ሽኮር፡ ሕጽረት እስትንፋስ፡ ቃንዛ ዓንዲ ሕቖን ሃርሃርታ ደምን ክጥቅዓ ይኽእላ እየን።

ምውሰውስ ኣካላት ናይ ምኪያድ ልምዲ ዘለኪ ምስ እትኾኒ ድሕሪ ጥንሲ'ውን ኑቲ ምውሰዋስ ከተካይድዮ ይግባእ። ንውሓትን ክብደትን ናይቲ ተካይድዮ ምውሰዋስ ኣካላት ምስ ሓኪይም



ተመያይጥኪ ክትልክዕዮ ከም ዘለኪ ግና ኣስተብህሊ።

ምውሰዋስ ኣካላት ናይ ምኪያድ ልምዲ ዘይብልኪ ምስ እትኾኒ ድማ፡ ምውሰዋስ ኣካላት ኣብ ዘካይዳ ክለባት ክትኣትዊ ዘድሊ'ኳ እንተዘይኮነ፡ ንጥፍቲ ክትኪ ከም ዘለኪ ግና ኣይትዘንግዒ። ምስ ዓቕምኺ ዝኸይድ፡ ብእግሪ ምንቅስቓስን ኣኢዳውካን ኣእጋርካን ምንቅስቓስን ዝኣመሰሉ ምውሰዋስ ኣካላት ከተካይዲ ትኽእሊ።

ነፍሰጾር ኣብ ሰሙን ኣርባዕተ ሳዕ ን30 ደቓይቕ ዝጸንሕ ምውሰዋስ ኣካላት ከተካይድ ከም ዘለዋ ሓካይም ይመኽሩ።

### ኣብ እትወስደዮም መግቢታት ኣድህቦ ክትገብሪ የድሊ

ገለ መግቢታት ብቐሊሉ ስለ ዝበላሸዉ ረኽስታት ክፈጥሩ ይኽእሉ እዮም። እዞም መግቢታት 'ቶክሶፕላዝሞሲስ' (toxoplasmosis) ይበሃሉ። ገሊኦም ከም 'ሳልሞኔላ' (salmonella) ዝኣመሰሉ ጀርምታት ድማ ንመግቢ ብምምራዝ ከቢድ ጥዕናዊ ጸገማት ከስዕቡ ይኽእሉ እዮም። ገለ መግቢታት'ውን ልዑል ትሕዝቶ ቫይታሚን 'ኤ'ን 'ሜርኩሪ'ን ስለ ዘለዎም ንደረጃ ንዕብየት ናይቲ ዕሸል ይሃስዩ እዮም።

ንመግቢ ዝምርዝ ዓይነት ባክተርያ (Listeria infection)፦ እዚ ኣብ መግቢ ብውሑድ ኣጋጣሚታት እዩ ዝኽሰት። ምስ ዘጋጥም ግና ኣብ ማህጸን ንዘሎ ዕሸል ከቢድ ጥዕናዊ ጸገምን ድኹም ደረጃ ዕብየትን እዩ ዘስዕብ። ከምዚ ዓይነት ጸገማት ከስዕቡ ዝኽእሉ ዓይነት መግቢ፡ ፋርማጆ (ጁብና)፡ ዘይመኽኸ ጸባ ወዘተ እዮም።

**ንመግቢ ዝምርዝ ዓይነት ጀርም (Salmonella food poisoning)፦** እዚ ኣብ ኣካላትና ከቢድ ጉድኣት እዩ ዘውርድ። ከም ውጽኣትን ተምላስን ዝኣመሰለ ትንፋስ ዘይህብ ምልክታት የስዕብ። ንመግቢ ዝምርዝ ዓይነት ጀርም ዘለዎም መግቢታት - ዘይመኽኸ ጸባ፡ ጥረ ወይ ብግቡእ ዘይበሰለ እንቋቑሖ፡ ብግቡእ ዘይበሰለ ወይ ዝቆጸረ ዓሳ ወዘተ እዮም።

**ብቶክሶፕላዝሞሲስ ዝፍጠር ምብኻል መግቢ (Toxoplasmosis infection)፦** እዚ ብዙሕ ዘጋጥም'ኳ እንተዘይኮነ፡ ንምዕባለ ናይቲ ኣብ ማህጸን ዘሎ ዕሸል ከቢድ ሃስያ እዩ ዘውርደሉ። ብግቡእ ዘይተኸሸነ መግቢ፡ ብግቡእ ተዓቂቡ/ ተኸዲኑ ዘይጸንሐ መግቢ፡ ጥረ ስጋ፡ ብግቡእ ተሓጺቡ ዘይተዳለወ ሳላጣ ወዘተ እዚ ዓይነት ምብኻል መግቢ ክፈጥሩ ይኽእሉ።

ልዕሊ ዓቐን ቫይታሚን 'ኤ' ንደረጃ ዕብየት ኣብ ማህጸን ዘሎ ዕሸል ብኣሉታ ይጸልዎ እዩ። ጸላም ኩብዲ፡ ካልኦት ውሸጣዊ ኣካላትን ልዑል ትሕዝቶ ቫይታሚ 'ኤ' ኣለዎም።

### ምንቅስቓስ ናይቲ ዕሸል ምክትታል

ምንቅስቓስ ዕሸል እቲ ቀንዲ መሐበሪ ኩነታት ጥንሲ ነፍሰጾርን ዕሸልን እዩ። ነፍሰጾር፡ ካብ 24 ሰሙንታት ንደሓር ዘሎ ግዜ ጥንሲ ኣትሒዛ፡ ንምንቅስቓስ ናይቲ ዕሸል ብጸቡቕ ከተድህበሉ ከም ዝግባእ እዮም ሓካይም ዝመኽሩ። ምንቅስቓስ ናይቲ ዕሸል ምስ ዝነድሎ ናብ ሕክምና ብምኻድ ግቡእ መርመራ ክትገብር ይግባእ።

ግቡእ ቆላሕታ ኣብ ኣገባብ ኣደቓቕሳ

ነፍሰጾር ብፍላይ ድሕሪ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ግዜ ጥንሲ፡ ኣብ ኣገባብ ኣደቓቕሳ ግቡእ ኣድህቦ ክትገብር ከም ዘለዋ ይንገር። ኣብዚ ግዜ'ዚ ብሕቖኣ ምድቃስ ምስ እተዘውትር፡ ዝሞተ ናጽላ ክትወልድ ዘለዋ ተኽእሎ ብዕጽፊ ከም ዝዛይድ መጽናዕትታት የመልክቱ። ስለዚ ኣብዚ እዋን'ዚ እታ ነፍሰጾር ብጐኒ ክትድቅስ ከም ዘለዋ እዩ ዝንገር።

### ጥዕና ኣእምሮኣ ምስትብሃል

1 ካብ 10 ደቀንስትዮ ነፍሰጾር ኣብ ዝኾናሉ እዋን፡ ብሕማም ኣእምሮ ክሳቐያ ተኽእሎ ከም ዘሎ መጽናዕትታት የመልክቱ። ስለዚ፡ ነፍሰጾር ኣብ እተኾናሉ እዋን ዘጨንቑ ስርሓት ካብ ምስራሕ ክትቁጠብ ይግባእ። ኣእምሮ ኣብ ዝጸምድ ነዊሕ ስራሕ ክትዋፈራ ኣይግባእን። ክትዛናያን ግቡእ ዕረፍቲ ክትረኽብ'ውን ይግባኣክን።

### ኣብ ዝረኣዩኺ ዘይንቡር ምልክታት ግቡእ ቆላሕታ ክትገብሪ ይግባእ

ነፍሰ ጾር ኣብ ግዜኣ ናብ ሕክምና ብምኻድ ግቡእ መርመራ ምስ እትገብር፡ ኪጋጥማ ዝኽእል ጥዕናዊ ጸገማት ንምክትታል ኣጸጋሚ ኣይከውንን እዩ። ንጥዕንኣን ጥዕና ናይቲ ኣብ ከብዳ ዘሎ ዕሸልን ንምሕላው፡ ባዕላ ኣብ ገዛኣ ትገብሮ ምክትታል ከም ዘሎ'ውን ከተስተብህል ይግባእ። እዞም ዝስዕቡ ምልክታት፡ እቲ ዕሸል ጸቡቕ ከም ዘየለ ዝሕብሩ እዮም።

- ምፍሳስ ደም ኣብ ርሕማ፡
- ቃንዛ ኣብ ግዜ ሽንቲ፡
- ሃንደበት ዝመጽእ ቀጻሊ ቃንዛ ከስዐ፡
- ዘይገድፍ ከቢድ ሕማም ርእሲ፡
- ተደጋጋሚ ረሃጽ ኣብ ገጽ፡ ኢድን እግርን
- ሕውዝውዝ ምባል፡
- ተደጋጋሚ ሳላ ኣብ ኢድን እግርን
- ምዝሓል ወይ ምጉዳል ምንቅስቓስ ዕሸል ወዘተ።

**ኣብ ግዜ ጥንሲ -**

- ሽጋራ ዘይምትካኽ
- ኣልኮላዊ መስተ ዘይምውሳድ
- ሓሽሽ ዘይምጥቃም
- ልዑል ካፈን ዘለዎም ዓይነት መስተ ዘይምስታይ።




## ሎሚ ኣብ ERI - TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ቆላሕታ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ጩራ ጥዕና |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:40 | ሉሰ ስፖርት |
| 15:15 | ዳህሳስ ሕትመት |
| 16:00 | ሰሙናዊ ስፖርት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:18 | ጥበብ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ደቅተሪት ኣብ ስትድዮ |
| 18:40 | ደቅመንት |
| 19:20 | ሃሎ ቁልዑ |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | ሄራር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | እንዳ ዝማም |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዓለም ሰ ጥበብ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | OPEN MIC |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

Zara Mining Share Company

**Vacancy Announcement**

| | |
|---|---|
| **Position:** | **Environmental Officer** |
| **Department** | EHS |
| **Number required** | 01 |
| **Location:** | Based at Koka Gold Mine (Site) |
| **Reporting to:** | Environmental Supervisor |
| **Primary Responsibility & Scope of Work** | Under the direction of the Environmental Supervisor, the environmental officer oversees the implementation and compliance of SEMP. The officer performs regular monitoring, inspection, training, and reporting assignments in a standard fashion in compliance with SEMP and other international regulatory bodies. |
| **Duties:** | - Perform inductions, environmental awareness programs, and training<br>- Direct mine employees and contractors on how to implement environmental requirements such as pollution control, waste reduction, best environmental management practices, as well as other requirements listed in the approved Environmental Management Program (SEMP)<br>- Regular environmental inspections of different sites<br>- Hydrological, groundwater, climatological, ambient air quality, noise and other environmental data collections<br>- On-site sampling, analysis, and interpretation of different environmental parameters.<br>- On-site regular data downloading from monitoring instruments<br>- Report environmental incidents and advise clean-up procedures<br>- Perform hazardous and non-hazardous waste management programs<br>- Planning, scheduling, Implementation, and monitoring of rehabilitation works<br>- Planning and organizing seed collection and tree nursery activities<br>- Developing and implementing controls to protect and conserve wildlife on site<br>- Control of documents and records related to water, air, land, flora, and fauna<br>- Provide report inputs monthly, quarterly, annually, and as instructed by the supervisor<br>- Provide inputs for the mine closure plan<br>- Understanding of sampling techniques for water and air quality monitoring |
| | - Must be self-driven and work without Supervision.<br>- Any other duties as assigned by a supervisor |
| **Formal Education, Certifications or Equivalents** | - Relevant degree or diploma in environmental science/mining Engineering.<br>- Relevant Environmental Short courses and certifications in environmental legislation<br>- Knowledge of Environmental instrumentation groundwater, weather station, dust monitoring, air quality samplers, and other hydrological)<br>- Understanding of sampling techniques for water and air quality monitoring<br>- Professional in their approach to dealing with issues and employees.<br>- Appreciation of confidentiality and discretion.<br>- Strong understanding of the mining SEMP and government of Eritrea environmental proclamations<br>- Occupational Health and Safety certification or equivalent certification |
| **Working Experience – Nature & Length** | 2-5 years of experience in mining/process environment in a related field |
| **Leadership Experience – Nature & length of time** | - Strong organizational and analytical skills<br>- Strong teamwork skills<br>- Professional in their approach to dealing with issues and employees' |
| **Knowledge and skill Required** | - Strong verbal and written communication skills in English<br>- Strong organizational and analytical skills<br>- Intermediate to advanced knowledge of Windows-based programs (Word, Excel, and Outlook)<br>- Strong teamwork skills<br>- GIS skills<br>- Must be self-driven and work without Supervision.<br>- Valid driving license |
| **Other skills** | - Evidence of continual active interest in and commitment to all aspects of the natural environment. |

**Salary:** **according to the Company's salary scale.**

**Additional Requirement for** nationals: Having fulfilled their National Service obligations and providing evidence of a release paper from the Ministry of Defence—present Clearance paper from the current/last employer. Only short-listed applicants would be considered as potential candidates for an interview. Application documents will not be returned to the sender.

Address: Please mail your applications to Zara Mining Share Company. P. O. Box 2393. Asmara, Eritrea.

**Note to Eritrean applicants:** Please send a copy of your application to Aliens Employment Permit Affairs P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea. and Eritrea. Mineral Resources Management P. O. Box 272

10 days from the day of the announcement

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ

ከሳሲ. ወረ/ትፍ ጎይትኦም ሰዒድ ነ/ፍ ለተንገሰ ድራር፡ ኣቶ መኮንን ጎይትኦም ሰዒድ፡ተኸሰስቲ ወረ/ትፍ ጎይትኦም ሰዒድ ነ/ፍ ለተንገሰ ድራር 1. ዘወዲ ጎይትኦም ሰዒድ 2.ኣለፊሽ ጎይትኦም ሰዒድ 3. መዋቲ/ ሓጎስ ጎይትኦም ሰዒድ (1.ኣይዳ ሓጎስ ጎይትኦም 2.ኤደን ሓጎስ ጎይትኦም 3. ሰለሙን ሓጎስ ጎይትኦም 4.ሄለን ሓጎስ ጎይትኦም 5. ኣማኑኤል ሓጎስ ጎይትኦም) 4ይ መዋቲ የማነ ጎይትኦም ሰዒድ (1. ዳኒኤል የማነ ጎይትኦም 2. የውሃና የማነ ጎይትኦም ) 5. ወዋቲ ሚከኤል ጎይትኦም (1.ጆርጆ ሚከኤል ጎይትኦም 2. ደርጋኣለም ሚከኤል ጎይትኦም 3. ራሄል ሚከኤል ጎይቶም 4. ኤልሳ ሚከኤል ጎይትኦም 5.ወለቢት ሚከኤል ጎይትኦም 6. የርዳኖስ ሚከኤል ጎይትኦም 7. ኮኾብ ሚከኤል ጎይትኦም 8. ቅሳነት ሚከኤል ጎይትኦም) ንምቅሊት ወርሻ ዝምልከት ጉዳይ ተኸፊቱልኩም ስለዘሎ፡ ን30/4/25 ቁ.47 ቅረቡ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ትርሓስ ተከአ ምስየና ምባል ተረፉ ምባል ተረፉ ጉት ኪዳነ መንግስቱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት ዝቃወም እንተሎ ን22/4/25 ኣብ 7ይ መጋባኢያ ይቅረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሞልቂ

ኣቶ ተወልደ ኣለማዮ ሃብተሚካኤል፡ ብዋልቲ፡ቤተይ ኣብርሀት ብርሃ ስለዝዋረፈት፡ ኣብ ከተማ ማይ ደማ ብምዝገር ፕላን ዝተዓደልናዮ ምሉእ ኖታ መሬት ጉዘውቲ ተሰሪሑ ዝተወደኣ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ ን9 ደቀይ ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 22/4/25ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ለተብርሃን ዓብለል ግርማይ፡ ኣቦና ዓብለል ግርማይ ተስፋዝጊን ኣዴና ሲጋለት ደረስ ሳህለን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ንፀ18/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ዓሊ ዐሶማን፡ ብፍ/በ/መሳል ዓብዱረዛቕ መሓመድ ሰዒድ፡ ናይ ፈጻሚ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን29/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ.39 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ወ/ሮ ኣዜብ ተስፋጼን ካሕሳይ፡ ብዋል ቤተይ የማን ሰረቀ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ደማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ርበል መንግስትኣብ ገብረሂወት፡ ኣደይ ኣብባ ካሕሳይ ገብረእግዚኣብሄር ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ጥራይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ሞገስ ማሪቆስ ገብረማርያም፡ ኣዴና ለተብርሃን ባይሩ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይን ተተካእቲ ደቂ ሓብተይን ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ከሳሲ ልኡል ኢሳቕ፡ ተኸሳሲት ሳባ ኢሳቕ ተስፋሚካኤል፡ ናይ ወህብቶ ምጽዳቕ ክሲ ተመስሪቱ ስለዘሎ፡ ን8/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ወ/ሮ ሓረጉ ገብረኪዳን ብሩ፡ ብዋል ቤተይ ኣብርሃም ተኽሉ ሽምደሓን ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ሰወኣት ደቅናን 1 ህልውቲ ጓልናን ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ይሕደጋ ዞሚካኤል መሓሪ፡ ብዋል ቤተይ ኣስገዶም ተወልደብርሃን ብርሃ ስለዝዘተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ደማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ወ/ት የዲት ማሳፍን፡ ኣደይ ኣብርሀት ኣለም ወልደስላሴ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ምልእተ ዓንደም በርሀ፡ ኣደይ ርግኣት ተምሆ ስመረ ስለዝዋረፈት፡ 3 ደቃ ጥራይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት የዲት ተወልደ ኣስፍሃ፡ ተኸሳሲ ሃብቶም ዘርእያስ ገ/ትንሳኤ፡ ናይ መኪና ስም ምትሕልላፍ ክሲ ተመስሪቱ ስለዘሎ፡ ን5/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ስዒን ናህም ደረባው፡ ስም ኣደይ ሰዛና ማሞ ምባል ተሪፉ፡ ኣለም ጸጋዬ ማሞ በለጠ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ንግስቲ ተስፋዝጊ ዑቕባልደት፡ ኣዴና ሓዳስ መንግስቱ ዑ/ገብርኤል ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ትርሓስ ፍስሃየ ጸጋይ፡ ብዋል ቤተይ ኣኽሊሉ ሓጎስ ስለዝዘተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ደማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኣብ መንጎ ከሳሲት ወ/ሮ ኤደን ክፍለ ሃብተዝጊ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሄኖክ ኣብርሃም ወ/መንቅርዮስ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን6/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ኣቶ ኣማንኤል ዓንደብርሃን መሓሪ፡ ኣደይ ጸገና የውሃንስ ገብረመድህን ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ወይኒ ኢብራሂም ኣማን፡ ተኸሳሲ ኣቶ ብርሃ ገዛኢ፡ ናይ ሞግዚትነት ክሲ ቀሪቡልካ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን6/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ኣቶ ፊልሞን ተወልደ ገብረመድህን፡ ኣደይ ኣፎምያ ዑቕባዝጊኤል ሰርጹ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ጥራይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ከሳሲ ኣቶ ኢሰያስ ብርሃ፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ማሕዩ ተኽሉ፡ ናይ ገዛዝብ ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ኣድራሻኺ ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኪ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን6/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ኽረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ከሳሲት ወራሲት ዓብደላ ዑመር መሓመድ፡ ወ/ሮ ሰዑዳ ኣሕመድ መሓመድ፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ሰላም መሓሪ፡ ናይ ውዝፍ ዕዳን ገዛ ምልቃቕን ክሲ ተመስሪቱልኪ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን6/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ ደረጃ ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ኣቶ ዳኒኤል ደብሳይ ገብረእንድርያስ፡ ስም ኣደይ ኣብያት ስዩም ምባል ተሪፉ ኣብርሃጽዮን ሃብተጽዮን ሰቘር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ከሳሲ ኣቶ በየነ ጸጋይ በየነ፡ ተጸዋዒት ኣደ ወደይ ሓረገወይኒ ወልዱ ሽሬረው፡ ካብ ሃገር ምስ ወጸት ደሃይ ስለዘይብሉ፡ ጥፍእቲ ምኻና ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ክራማ ሰዒድ ምባል ተሪፉ፡ ሰሚራ ሰዒድ ዓብዱልቃድር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ወ/ሮ የዲት ገብረሂወት ተኽሉ፡ ብዋል ቤተይ እዮብ ተስፋዝጊ ተድላ ስለዝዘተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቁ ደማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ተወልደ ግርማይ ገብረዝጊ ምባል ተሪፉ ፍረስላም ግርማይ ገብረዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲ ት ወ/ሮ ዳናይት የማን ተስፋይ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሓጎስ ተስፋማርያም ኣብራሃ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን6/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ኣቶ ያቁም ተስፋዝጊ ጻድቕ፡ ብዋልተ ቤተይ ሰዋስው ጸጋይ ተኽለ ስለዝዋረፈት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ደማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ

ኣቶ ያቁም ተስፋዝጊ ጻድቕ ወድና መሲ ያቁም ተስፋዝጊ ስለዝዋረፈ፡ ምስ ብዋልተ ቤተይ ነፍ/ሰዋስው ጸጋይ ብ 4 ተተካእቲ ደቅና ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ትሕቲ ዕድመ ብወለዱ ኣቶ ወልደጊዮርጊስ ገብሩ ምህረትን ወ/ሮ ኣድሓኑት ዑቕባስላሴ ወልደታትዮስን፡ ስመይ ኣላይ ወልደጊዮርጊስ ገብሩ ምባል ተሪፉ፡ ዘርኣስላሴ ወልደጊዮርጊስ ገብሩ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ናትናኤል ሰለሙን በርሀ፡ ኣሕዋተይ 1.ካርተር ሰለሙን በርሀ፡ 2.ሰናይት ሰለሙን በርሀ፡ ኣስታት 20 ዓመታት ዝኸውን ደሃዮም ስለዘይብልና፡ ብጋዜጣ ይተኣወጀልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ፍረወይኒ ማሓሪ ምሓሱ፡ ስም ኣደይ ማኣዛ የውሃንስ ወልደኣብዝጊ ምባል ተሪፉ፡ ርሀና ተላ ተኽለሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ሳሙኤል ጸጋይ ዑቕባዝብርኤል ምባል ተሪፉ፡ መሲ ጸጋይ ዑቕባዝብርኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ደርጋኣለም ጸጋይ ዑቕባዝብርኤል ምባል ተሪፉ፡ ኣድያም ጸጋይ ዑቕባዝብርኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣብርሃም ኪዳን ገብረኣብ፡ ኣደይ ፋና ጊላሚካኤል ወልደሚካኤል ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

የርዳኖስ ግርማይ ዐቁባዝጊ ምባል ተሪፉ፡ ቶኮብ ግርማይ ዐቁባዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣስመሮም ኤፍሬም ገብረሂወት ምባል ተሪፉ፡ ሰመረኣብ ኤፍሬም ገብረሂወት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ፈሩዝ ኀይትኦም ተወልደመድህን ምባል ተሪፉ፡ ትምኒት ኀይትኦም ተወልደመድህን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሰዘ ገብረዝጊኣብሄር ኣሽንያ ምባል ተሪፉ፡ ሰዘ ገብረዝጊኣብሄር ገብረትንሳኤ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ወ/ሮ ጉዑ ተወልደ ገብረመድህን፡ ወሲደይ ተወልደ ገብረመድህን ተኽሉሓንሽን ጸገወይኒ ተስፋይ ዘርኤ ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ፍሊሞን ከስተ ባህልቢ ምባል ተሪፉ፡ ሳምሶም ከስተ ባህልቢ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ተከሌዛን

ኤፍሬም ተወልደ ሃብቱ ምባል ተሪፉ፡ ኤፍሬም ተወልደብርሃን ሃብቱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዒላ በርዕድ

ኣቶ ክፍለዝጊ ዘርኣ ኃይም ምባል ተሪፉ፡ ፊሊሞን ዘርኣ ኃይም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/4/2025 እብ 1ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ወ/ሮ ኣሰካሉ ዑቕባዮርጊ እንግዳ ተጸዋዒ 1.ኣቶ እስቲፋኖስ ተኸስተ ተኽለሃይማኖት 2.ወ/ሮ ፍረወይኒ ተከስተ ተኽለሃይማኖት፡ ንዓኸም ዝምልከት ነቲ ኣብ ከረን ከባቢ 04 ዚፐ ኮድ 6K-1945 ፕሎት 296 ዝፍለጥ መንበሪ ገዛ ብመሰረት 1ይ/ደ/ቤ/ፍ ከረን ብዕለት 03/12/2024 ብቁጽሪ 22/2021 ዝሃቦ ውሳኔ ንብጽሒተይ ናብ ስመይ ይመሓላለፈለይ ስለ ዝበለት፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል 23/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኽምሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጡ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣፍዓበት

ኡሶማ መሓመድ ኣደም ዓሊ ምባል ተሪፉ፡ ኡሶማ መሓመድ ኣደም መሓመድዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

AllianceFrançaise
Asmara - Eritrea

ቤ/ት ኣሊያንስ ፍራንሰዝ ስሩዕ ናይ ሓጋይ ትምህርቲ ቋንቋ ፈረንሳ ንንኣሽቱን ንዓበይትን ካብ ጀመርቲ ክሳብ ዝለዓለ ደረጃ ካብ ዕለት 7 ሚያዝያ ክጅምር ምዃኑ ከበስር ይፈቱ፡፡ ምቅርራብ ንዓለምለኻዊ ዲፕሎማ (DELF) ተዳሊልኩም ኣሎ፡፡ ምዝገባ ተጀሚሩ እዩ፡፡

ብደሓን ምጹ　　ንዝያዳ ሓበሬታ　ቁ.ስ 122605 / 115270

ኣድራሻና፣ ጎድኒ ቤ/ት ማይ ተሰፋ ጥቓ ዓሮባና ሬስቶራንት እዩ፡፡



ሓበሬታ
ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ደውሉ፡፡
ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8፡00 – 12፡00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2፡00 – 6፡00 ድ.ቀትሪ ብቁ.ስልኪ 110179 ደውሉ፡፡
ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፣ E-mail; bidhonational@gmail.com
ስቕታ ጎዳኢ ስለዝኾነ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ!!!

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

中国五矿

恩菲铜锌矿山工程有限公司
ENFI-MCCT Mining Engineering P.L.C

## Vacancy Announcement

ENFI-MCCT MINING ENGINEERING PLC (Pre-stripping Team) is inviting qualified and competitive applicants for the following positions: -

### Position 3: HSE Deputy Manager:

- Number Required – One (01)
- Place of work: Emba Derho
- Type of contact: Definite period of one year
- Salary: As per the company salary scale

**MAJOR DUTIES AND RESPONSIBILITIES**

(1) Ensure mine production is carried out in complete compliance with all relevant external health, safety, and environmental regulations and internal safe production management system;
(2) Prepare and review safe production organization planning;
(3) Prepare budget for safe production measures and its action plan along with the project leadership;
(4) Assist to formulate and implement the middle-term/long-term/annually/monthly safety milestones, prepare and carry out relevant action plans to ensure safety milestones are met;
(5) Formulate HSE performance indicators for safe production and carry out its evaluation, feedback and improvement along with production team;
(6) Review, comment and approve method statements for complex or highly specialized works, together with technical and production team;
(7) Lead and organize regular and special HSE induction, training and safety awareness reinforcement campaign;
(8) Develop comprehensive emergency response plans and make sure employees know how to respond in the event of fire, or any other emergency;
(9) Supervise and conduct thorough risk assessments on site regularly, identify potential hazards, evaluate risks, develop strategies to mitigate risks effectively;
(10) When accident or incident occur, investigate the root causes to prevent similar incidents in the future, under the guidance of the accident investigation team;
(11) Supervise and keep an accurate safety data, incidents and training to ensure compliance and track progress.

**Qualification Requirement**

**Education:**
□1□Bachelor degree in HSE, Material Science & Engineering and related majors.

**Work Experience:**
(1) At least 10 years of working experience in HSE management;
(2) At least 1 year of mining project working experience;
(3) Related HSE qualification certificate is preferred.

**Other skills and abilities:**
(1) Proficient in Using HSE management software, such as HSE 365 and etc.;
(2) Proficient in computer skills, such as Microsoft Office / Excel;
(3) Excellent communication skills;
(4) Able to work under pressure.

**Language:**
□1□Language proficiency in English is required.

### Position 4: Translator:

- Number Required – Two (02)
- Place of work: Emba Derho
- Type of contact: Definite period of one year
- Salary: As per the company salary scale

**MAJOR DUTIES AND RESPONSIBILITIES**

(1) Coordinate and facilitate regular communication between EXPAT team members and Local team members, partners, and other related stakeholders;
(2) Translate technical, business, material, logistical and other project-related documents between Chinese language and English language;
(3) Facilitate and interpret at face to face meetings between EXPAT team members and Local team members;
(4) keep a record of minutes of meetings at regular weekly meetings, monthly meetings, HSE training, and other important meetings when necessary;
(5) Responsible for other related works arranged by his/her supervisor.

**Qualification Requirement**

**Education:**

□1□Bachelor degree in English translation is a must;
□2□Master degree in related major is preferred.

**Work Experience:**

(1) At least 5 years of working experience in translation and Interpretation;
(2) At least 1 year of working experience in engineering project.
(3) Interpretation and translation experience of technical, business, logistical and HSE related documents in international mining projects is preferred;
(4) Candidates with TEM-8 or CATT II certificate is preferred.

**Other skills and abilities:**

(1) Excellent language skills in both translation and interpretation;
(2) Proficient in working related computer skills, such as Microsoft Office / Excel /PPT /Photoshop;
(3) Proficient writing skills for official letters, minutes of meeting and other necessary documents.

**Language:**
□1□Language proficiency in English is required.

**Additional requirements for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service obligation and providing evidence of release paper from the Ministry of Defence.
- Present clearance paper from current/last employer
- Testimonial documents to be attached (CV, Work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All application should be sent though the post office.
- Deadline for application: 5 days from the day of publication in the newspaper

- **Address: Please mail your application to following two address**

**1. ENFI-MCCT MINING ENGINEERING PLC.**
**P.O. Box 6547 Asmara, Eritrea**
**2. Mineral Resources Management**
**P.O. Box-272, Asmara**

**Note to Eritrean applicants: Please send a copy of your application to**
**Aliens Employment Permit Affairs**
**P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

# መዛነዩ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ጽልዋ ኣልኮል ኣብ ስድራቤት

ንዕበየትና ዝጸልዉ ብዓበኡ ከኣ ኣብ መወዳእታ እንታይ ዓይነት ህይወት ከም እንነብር ዝውስኑ ወልፈታት ኣለዉ። ኣልኮልነት (alcoholism) ሓደ ካብኣቶም እዩ። ኣልኮልነት ካብቶም ልዑል ሞራል ወይ ንጹር ዕላማ ዘለዎም ሰባት ዝያዳ ኑቶም ትሕት ዝበለ ሞራልን ሸቶን ዘለዎም ከም ዘጥቅዕ ክኢላታት ይገልጹ። ኣልኮልነት ኣብ ገለ ኣጋጣሚ ስድራ-ቤታዊ ሕማም ተባሂሉ ይጥቀስ እዩ። እዚ ማለት፡ ጉዳዩ፡ ብዕድመ ንኣሽቱ ወይ እኹላት ቈልዑ፡ ብጾልብቤት ወይ ብጾልቲ-ቤትን ካልኦት ኣዝማድን ክህልውዎ ይኽእሉ። ንታ ስድራ-ቤት ክህውኻን ነዊሕ ሳዕቤን ዘኸትል በሰላ ክገድፈላን ይኽእል። ኣልኮልነት እቲ ብቐዳማይ ደረጃ ዝሰርዕ ስድራ-ቤታዊ ጸገም እዩ። ንኹሉ ኣባል እታ ስድራ-ቤት ከጥቅዕ ድማ ይኽእል እዩ።



መጸናዕትታት ከም ዝገልጽዎ፡ ኣብ ኣመሪ፥ ሓንቲ ካብ ኣርባዕተ ስድራ-ቤታት ጉዳይ ናይዚ ጸገም ከም ዘሾኑት ይሕብሩ። ሓንቲ ነፍሰጾር ኣልኮል ምስ እትወስድ፡ ዓቐን ኣልኮል ኣብ ዋሕዚ ደማ ናይ'ቲ ዕሸላን ማዕረ እዩ። ስለዚ፡ እቲ እትወልዶ ቈልዓ ቀታሊ ናይ ኣልኮል ምልክታት ክህልዎ ይኽእል። በዚ ሕማም ዝተጠቕዑ ቈልዑ፡ ካብ መዛኑኦም ሓጻርትን ሚዛኖም'ውን ትሕቲ ንቡርን እዩ። እዞም ቈልዑ እናዓበዩ ክመጽኡ ከለዉ፡ ሓራቓትን ቁጠዓትን ይኾኑ። ናይ ወለዲ ኣልኮልነት ኑቶም ብዚይ ጸገም ዝተወልዱ ጥዑያት ቈልዑ'ውን ይጸሉ እዩ። እዞም ቈልዑ መብዛሕትኦም ርእሱ ምትእምማን የጉድሎም።

እዞም ቈልዑ እዚኦም ምስ ሰብ ምልላይ ስለዘፍርሖም፡ ምስ መማህራኖምን መዛኑኦምን ጥቡቕ ዕርክነት ክምስርቱ ይሸገሩ። ኣብ ሓዳር ዝኸስቱ ጸገማት ካብ'ቶም ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ዝሰርዑ ሳዕቤን ኣልኮልነት እዮም። ናይ ሓዳር ኣማኸርቲ ነቲ ኣብ ውሽጢ ስድራ-ቤታት ዝኸስት ጸገማት ኣብ ምህዳእ ዓቢ ተራ እዮም ዝጻወቱ። ኣልኮል ካብ ናኣሽቱ ቈልዑን ኣብ ማህጸን ዘለዉ ዘይተወልዱ ዕሸላትን ጀሚሩ ንኹሉ ኣባል'ታ ስድራ ብዮዕረ እዩ ዝጸልእ። ሳዕቤናቱ ድማ ኣካላውን ስነ-ኣእምሮኣውን ጸገማት ኣኸቲሉ ንታ ስድራቤት ክብታትና ይኽእል። ስለዚ ቀለልቲ ዝመስሉ ልምድታት ብኣጋ ኣስተብሂልና ክንምሕዎም ውሳነ የድሊ። ዝተወሰነ ውሳነ እንተ ዘይተተግቢሩ ግና ንድሕሪት ክንተና ግድን'ዩ። መብዛሕትኡ ሰብ ዝሰረጸ ልምዲ ክምሕ ከም ዘይክእል ገይሩ ይወስዶ እዩ። ስለዚ፡ ኣብ ህይወትካ ናይ ባህሪ ለውጢ ከተምጽእ ተበገስ፡ ንኣብነት፡ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምዘውታር ኣብ ምቁራጽ ወልፊ ኣዝዩ ሓጋዚ'ዩ።

## ካብ ዕውታት ሎተሪ ዝርከ ጌጋታት

ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚ ዕወታት ሎተሪ፥ ነቲ ዝረኸብዎ ገንዘብ ብዙሕዝን ኣገባብ ከጥፍእዎ እዮም ዝርአዩ። ነቲ ዝተዓወቱሉ ገንዘብ ወዲኦም ኣብ ጥፍሽና ከም ዝበጽሑ ከኣ እዩ ዝነገር። እቲ ምኽንያት ከኣ፡ ብሰንኪ ግጉይ ምሕደራ ገንዘብ ምዃኑ ይግለጽ። ገለ ካብቶም ዝረኣዩ ጸገማት፦


- ፋይናንሳዊ ምኽሪ ዘይምሕታት፦ ቅድሚ ሎተሪ ምዕዋትካ ማዕረ ክንደይ ብዙሕ ገንዘብ ተመሓድር ነይርካ ወሳኒ እዩ። ተሞክሮ ምስ ዘይህልወካ ግን ነቲ ሃንደበት ዝተዓወትካሉ ሎተሪ ባዕልኻ ብስምዒት ከተማሕድሮ ምስ ትፍትን ጌጋታት ኪጋጥም ግድን እዩ። ጃክ ዊትታከር 315 ሚልዮን ዶላር ሎተሪ ተዓዊቱ ክሰሩ ቡቲ ተኸታታሊ ድኹም ፋይናንሳውን ውልቃውን ውሳኔታቱ ኩሉ ከም ዝሰኣኖ ይግለጽ። ስለዚ፡ እንታይ ክትገብር ከም ዘለካ ንኽትመሃር፡ ካብ ሰብ ሞያ ፋይናንሳዊ ምኽሪ ሕተት። እዚ ብቐዳምነት ክትገብሮ ዘለካ ጥበብ እዩ።
- ሓሻሽነት ምዕባይ፦ ደቂሰብ ከም ባህሪ ፈተውቲ ጸቡቕ ነገራት ስለ ዝኾኑን ብዙሓት ሰብ ጥረ ነገራት ስለ ዘተሓበቡን ብድሌታት ስምዒት ተዋጢሮም፡ ዘርኣይዎ ነገር ንምዕዳግ ዝተቓልዑ እዮም። በዚ መሰረት፡ ከይተፈለጦም ናይ ሓሻሽነት ባህሪ የማዕብሉ። ብዙሓት ሃብታማት ንመዛናጋዒ ዘይተኣደነ ገንዘብ እዮም ዘጥፍኡ። ከም መጋዲ ከኣ ክቡራት መካይን ክገዝኡ ይርኣዩ። በዚ ከማዚኦም ዓይነት ሰባት ተጸሊኻ ዝረኸብካዮ ሎተሪ ከማዚ ዓይነት መጋዲ ክትዕድገሉ ምስ እትፍትን ኣብ ጸገም ከውድቐካ ይኽእል እዩ።
- ዕዳ ዘይጸንሓለ ምባል፦ ወለድ ዘለዎ ዕዳ ዘይጸንሓለ ምባል ገንዘብ ከምዝይተዋህለል እዩ ዝጉብረካ። ዕዳ ኣብ ግዚኡ ምኽፋል ተመራጺ እዩ።
- ብሃንደበት ናይ ወፍሪ ውሳኔታት ምውሳድ፦ ወፍሪ ኣገዳሲ እዩ። የጉዶ ብጥበእ ሓሲብካን መርሚርካን ዘይኣተኻዮ ወፍሪ ናብ ዘይተደለየ ክሳራ ከእትወካ ርሑብ ዕድል ኣሎ። ኣብ ክንዳኡ ምስ ሰብ ሞያ ወፍሪ ምምኽኻርን ብዙሕ መጽናዕቲ ምግባርን ነቲ ወፍሪ ዕዉት ኣብ ምግባር ዓቢ ግደ ኣሎ። መብዛሕትኦም ሰባት፡ ዓቢ ኣታዊ እዩ ሃብታም ወይ ብልጹግ ዝገብረካ ኢሎም ይኣምኑ። ከም መርኣያ ናይ'ዚ ኣተሓሳስባ ከኣ ብቑጻሪ ዝያዳ ገንዘብ ክረኽቡ ይጽዕሩ። ዝያዳ ገንዘብ ክትረክብ ምድላይ ጸቡቕ ድሌት እዩ። ከመይ ኣቢልካ ተማሕድሮ ከኣ ዝያዳ ኣገዳሲ ይገብሮ።




## ብፍሉይ ቅርጺ ኣስናን ዝፍለጥ ዓሌት ሻርክ

መጽናዕትታት፡ ኣስታት 87 ዓይነታት ዓሳ ከም ዝጸንቱ ይሕብሩ። ሓደ ካብዚኦም ህሊኮፕሪዮን እዩ። ህሊኮፕሪዮን (Helicoprion) ካብቶም ዝጸንቱ ዓሌታት ሻርክ ኮይኑ፡ ቅድሚ 290 ሚልዮን ዓመታት ኣብሉ ዝበረ እዩ። እዞም ዓሌታት ብዘለዎም ፍሉይ ቅርጺ ኣስናን እዮም ዝፍለጡ። እዞም ዓይነት ሻርክ እዚኦቶም ሓንሳብ ኣስናኖም እንተረገፉ ብምሉኡ ክፋል ኣካላቶም ክዓኑ ከም ዝጀምር'ዩ ኣብ ልዕሊኦም መጽናዕቲ ዝገበሩ ተመራመርቲ ዘረጋግጹ። እቶም ተመራመርቲ ከም ዝሕብርዎ፡ ምኽንያት ምጽናት እዞም እንስሳታት ምርጋፍ ኣስናኖምን ምስኡ ዝተተሓሓዘ ነገራትን እዩ ይብሉ።

ኣስናን ናይ'ዚ ኣብ ስእሊ እንርእዮ ዘሎና ዓሳ ህሊኮፕሪዮን ሒዛ ዘላ ክፋል ኣካሉ፥ ኣብ ታሕተዋይ መንጋጋኡ እትርከብ ኮይና፡ ንኹሉ ማሰርሒ ኣመጋግባኡ ትቆጻጸር። እዚ ከኣ ዘዘበቑለ ኣስናን ዓሳ ህሊኮፕሪዮን ንደገ ይወጽእ'ሞ፡ ንዝደን ድሉው ይኾውን ማለት'ዩ። እዛ ክቢ ዝቕርጻ ኣብ ታሕተዋይ መንጋጋኡ እትርከብ ክፋል ኣካሉ፥ እቲ ዝኣረገ ኣስናን ንምእካል ከምዝኣቱ'ያ እትገብር። ንሳ እንተ ተሃሲያ ድማ ማሰርሒ ምምጋብ ይሰናኸል'ሞ ዓሳ ህሊኮፕሪዮን ግዳይ ሞት ይኸውን።



## 'ባይፖላር ዲስኦርደር' እንታይ እዩ?

ባይፖላር ዲስኦርደር (bipolar disorder) ዝበሃል፡ ሕማም ኣእምሮ ኮይኑ፡ ካብቲ ልሙድ ጠባይ ሓሓሊፉ ብዝተፈልየ መገዲ ውዕይዕይ ምባልን ሕሉፍ ሓይልን ዝርኣየሉ፡ ምስ ጭንቀት እተተሓሓዘ ጸገም እዩ። እዚ ደረጃ እዚ ከኣ 'ማንያ' (Mania) ተባሂሉ እዩ ዝጽዋዕ። ምልክታቱ ብሓሳብ ምህውታትን ዘረባ ምብዛሕን እዩ። ከምኡ'ውን ክትድቅስ ዘይምድላይ ዘጠቓልል ክኸውን ይኽእል። በዚ ሕማም እዚ እተጠቕዐ ሰብ ዘይድቅስ ክሰሉ ሓይሉ ከየጥፍአ ንብዙሕ መዓልታት ክቕጽል ይኽእል።

ናይ 'ባይፖላር ዲስኦርደር' ካልእ ምልክት ከኣ ሳዕቤኑ ከይሓሰቡ፡ ሓደ ነገር ንምግባር ብውሽጦኻ ናይ ምድፍፋእ ባህሪ'ዩ። መጽናዕትታት ከም ዝሕብርዎ፡ ማንያ መብዛሕትኡ ግዜ ንኣተሓሳስቦኻ ናይ ምምዛዝን ክእለትካ፥ ኣብ ማሕበራዊ ናብራ ንእተርእዮ ጠባይ ብኸቢድ መገዲ ይጸልዎ። ምልክት ናይዚ ሕማም'ዚ ንኽንደይ ዝኣክል ግዜ'ዩ ዝቕጽል? ንዝበል ኣብ ገለ ግዜ ንሓደት መዓልታት ክጸንሕ እንክሎ፡ ኣብ ገለ እዋን ድማ፡ ኣዋርሕ ክጸንሕ ይኽእል። ሕማም ባይፖላር ዲስኦርደር (ማንያ) ብዝያዳ ከጥቅዖም ዝኽእል ሰባት፡ እቶም በዚ ሕማም እተታሕዙ ኣባላት ስድራቤት ዘለውዎም ሰባት'ዮም። ይኹን'ምበር፡ እቶም በዚ ሕማም እዚ ዝሳቐዩ ሰባት ክሓውዩሉ ዝኽእሉ መገዲ ምህላዉ ዘሐጉስ እዩ። ክኢላታት ከም ዝገልጽዎ ብኣጋኡ እንተደኣ ተመርሚሮምን ግቡእ ሕክምና ተገይሩሎምን፡ ምስ ስድራቤቶም ቅሱናት ዝመልአ ናብራ ክነብሩ ይኽእሉ። ሓንቲ ምልክት ንበይና ጭንቀት ወይ ባይፖላር ዲስኦርደር ከም ዘይተመልክት ክንፍልጦ ድማ የድሊ። ንንውሕ ዝበለ እዋን ምስ ዝቕጽል ግን፡ ምልክታት ናይ'ዚ ሕማም ክኾውን ይኽእል እዩ፡ ከምዚ ዓይነት ጸገም ኣብ ፍቕራዊ ዝምድናታት'ውን ሽግር ክፈጥር ይኽእል እዩ።



## ጥቕስታት መዛነዩ

- "ጹሓይ፡ ወርሒን ሓቅን ሰለስቲኦን ንነዊሕ ግዜ ክሕብኣ ኣይክእላን እየን።"- **ኮንፊሽየስ**
- "ኣብ ሕማቕ ልምዲታት ለውጢ ምስ ተኻይድ፡ ኣብ ህይወት ርኡይ ለውጢ ኢኻ ተምጽእ።" - **ጀኒ ክሬግ**
- "መጽሓፍቲ ኑቶም ሓደስቲ ኮይናም ዝሰምዑኻ ዝበሩ ሓሳባት ፈጺሞም ሓደስቲ ከም ዘይኮኑ ንምርኣይ ዘገልግሉ እዮም።" - **ዘይተፈልጠ**
- "ዘይዕወታት ሰባት ሕማቕ ልምዲታት ይውንኑ።" - **ቶማስ ኮርሊ**
- "ዝኾነ ነገር ጸቡቕ ሸነኽ ኣለዎ፡ ኩሉ ሰብ ግን ኣየስተብህሎን እዩ።" - **ዘይተፈልጠ**
- "ሪኢይ ዘይብሉ ሰብ፡ ክንፊ የብሉን።" - መሓመድ ዓሊ
- "ሰሓቕ ምስ ዝውሕድ፡ ብኡ መጠን ድማ ዓወት ይውሕድ።" - **ኣንድሪው ካርኒ**
- "ስራሕ ንመንነት ሰባት ዝገልጽ ምንጪ ሓይሊ ናይ ምንባርን መሰረት ናይ ህላወን'ዩ።" - **ኣልበርት ኣንስታይን**
- "ኩሎም ንህይወት ዝቕይሩ ሓሳባት ካብ መጻሕፍቲ ዝረኸብኩዎም እዮም።" - **ኣልሸር ወንዴል**

# ዛዕባ ሎሚ


## ዝኽሪ ሚያዝያ
## ስልጡን ህዝቢ - ሕማቕ ዕጫ

(4ይ ክፋል)

ኣሴር ሰለሙን

ህዝቢ ኤርትራ፥ ናብቲ ኣብ ሚያዝያ 1993 ዝተኻየደ ልኡላውነቱ ብዕሊ ዘረጋገጸሉ ህዝባዊ ረፈረንዱም ንምብጻሕ፥ ዝሓለፎ መሪር ታሪኽ ብሓጺሩ ንምዝኽኻር፡ ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ኣመጻጽኣ ሃገርን ሃገራውነትን ኤርትራ፥ ብዝዕበል ኣርእስቲ ጀሚርና፡ ኤርትራ ከም ኩለን ሃገራት ኣፍሪቃ ብመግዛእቲ ድሕሪ ምቛሙ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ እዋን መግዛእቲ ኢጣልያን ብሪጣንያን ዘሕለፎ ታሪኽ፣ መግዛእቲ ህጼታት ሃገረ ኤርትራን ኤርትራዊ ሃገራዊ ስምዒትን ኣብ ምፍጣርን ምዕኳኽን ዝተጻወቶ ግደ ብምርኣይ፣ ኣብ እዋን ፌደረሽንን ገባጣን ከምኡ'ውን ካብ ፈለማ መድረኽ ብረታዊ ቃልሲ ክሳብ 1977-1978 ምትሓዝ ከተማታት ብሰውራ ዝነበረ ምዕባለታት ኣንቢብና። መቐጸልታኡ ደስዕቡ–

ስርዓት ደርጊ ኣብ 1977-1978 በቲ ብሓይልታት ሰውራ ዝወርዶ ዝነበረ መጥቃዕቲታት ኣብ ኤርትራ ዝነበሮ ቁጽጽር እናጥፍኣ ክኸይድ እንከሎ፡ ብሸነኽ ምብራቕ እውን ብሰንኪ ጉዳይ ኦጋዴን ምስ ሶማል ከቢድ ኲናት ተኸፊቱ። ሰራዊት ሶማል ንውሽጢ መሬት ኢትዮጵያ ብምእታው፥ ክሳብ ከተማታት ጅጅጋን ሃረርን በጺሑ ነበረ። ኣብቲ እዋን'ቲ ስርዓት ደርግ ንኣመራርሓ ጉዳዩ፥ ኣብ ማሕበርነታዊ ደምበ ተጸጊዑ ብምንባሩ፥ እዚ ምዕባለታት'ዚ ንግሉጣዊ ረብሓ ሕብረት ሶቭየትን መሻርኽታን ኣብ ኣጠራጣሪ ኩነታት ኣውደቖ። በዚ ድማ ሕብረት ሶቭየት፡ ህላወ ስርዓት ደርግ ንምውሓስ ግዙፍ ወተሃደራዊ ምትእትታው ክትገብር ወሰነት።



ከም ውጽኢት ናይዚ ምትእትታው'ዚ ደርግ ኣብ ርእሲ'ቲ ዝነበሮ ወተሃደራዊ ሓይሊ፣ ተወሳኺቲ ልዕሊ 300 ሽሕ ወተሃደራት ከዕስክር ከኣለ፣ 17,000 ኩባውያን ወተሃደራትን ካብ ዝተፈላለያ ሃገራት ማሕበርነታዊ ደምበ ዝመጹ ኣማኸርቲን ድማ ንሓገዝ ኣብ ጎድኑ ተሰለፉ። ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ከበድቲ ኣጽዋራት፡ መዳፍዓት፡ ታንክታት፡ ሚሳይላትን ነፈርቲ ውግእን ናብ ኢትዮጵያ ተጓረተ። በዚ ደገፍ'ዚ፣ ኢትዮጵያ ኣብ ጸሊም ኣፍሪቃ ዝዓበየ ወተሃደራዊ ሓይሊ ክትሃንጽ ከኣለት። ፈለማ ናብ ሶማል ወፍሪ ብምግባር ከኣ ኣብ ሓጺር ግዜ ንሰራዊት ሶማልያ ስዒራ ናይ ምብራቕ ስግኣታ ኣወገደት።



ድሕሪ'ዚ ኣቓልቦ ስርዓት ደርግን ሕብረት ሶቭየትን ናብ ምድምሳስ ሰውራ ኤርትራ ቀንዐ። ቅድሚ ወተሃደራዊ ስጉምቲ ምውሳዶም ግን ነቲ ኣትሪሩ ክምክት ይኽእል እዩ ዝበልዎ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፥ ንሰላማዊ ዘተ ኣብ በርሊን ርእሰ ከተማ ምብራቕ ጀርመን ዓደምዎ። ትሕዝቶ ርክብ በርሊን ግን ሰላማዊ ዘተ ዘይኮነ ታህዲድን ምፍርራሕን'ዩ ዝነበረ። ኣብዚ ዘተ'ዚ፣ ንመራሕቲ ህ.ግ. "ወይ ደርግ ዝበለኩም ስምዑ፥ ወይ ክትድምሰሱ ኢኹም" ዝዓይነቱ ምጕብዕባዕ ቀረበሎም። መራሕቲ ህዝባዊ ግንባር በዚ ኣይተሰናበደን። ዓቕሚ ስርዓት ደርግ ክሳብ ዝተመጣጠነ ይመጠጥ፡ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንሓርነት ደው ከምዘይብልን ተዓዋቲ ምዃኑን ብምግላጽ፡ "እቲ ትኣምንዎ ሰራዊትን ኣጽዋርን ሒዝኩም ኣብ ሜዳ ኤርትራ የራኽበና" ብዝዕበል ቃላት ካብ ኣኼባ በርሊን ተፋነዉ።

### ስትራተጂያዊ ምዝላቕ

ስርዓት ደርግ ብግዙፍ ወተሃደራዊ ሓይሉን ደገፍ ሕብረት ሶቭየትን ተኣማሚኑ፥ ንሰውራ ኤርትራ ሓንሳብን ንሓዋሩን ንምጥፋእ ኣብ ዝቐረበሉ፥ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፥ ካብ ኩሉ ተቘጻጺርዎ ዝነበረ ከባቢታት ቀስ ብቐስ እናሰሓበ፡ ኣብ መወዳእታ ኣብ ኸቦታት ሳሕል ዓሪዱ ክረባረብ ታሪኻዊ ውሳነ ስትራተጂያዊ ምዝላቕ ወሲዱ ዘድሊ ምድላዋቱ ኣጻፈፈ። ኣብ መጋቢት 1978፥ መጠነ ሰፊሕ ወራራት ደርግ ኣብ ዝጀመረሉ ድማ፥ ደረጃ ብደረጃ እቲ ናይ ምዝላቕ ስጉምቲ ክትግበር ጀመረ። ካብ መጋቢት ሓምለ 1978 ክሳብ መጋቢት ሓምለ 1979 ኣብ ዝነበረ ሓደ ዓመት፥ ስርዓት ደርግ 5 ተኸታተልቲ መጠነ ሰፊሕ ወራራት ከካይድ እንከሎ፡ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፥ ብዘይካ ንከተማ ናቕፋ፥ ንኹለን ሓራ ኮይነን ዝነበራ ከተማታት ገዲፉ፥ ኣብቲ ጽኑዕ ደጀኑ ሳሕል በጽሐ። ንከተማ ናቕፋን ድሕሪኣ ዝርከብ ቦታታት ሳሕልን ደጀኑ ብምግባር ድማ ካብ ናቕፋ ክሳብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ዝዝርጋሕ ስንሰለታዊ ዕርድታት ሃኒጹ ኣብ ቀዋሚ ናይ ምክልኻል ውግእ ኣተወ። እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ሓይልታት ተ.ሓ.ኤ. እውን ብተመሳሳሊ መገዲ ካብ ኩሉ ከባቢታት ኤርትራ ኣዝለቑ ንባርካ ወረዱ። እቲ ዝበርትዐን ወሳኒን ውግኣት ግን ምስ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ይካየድ ነበረ።

### መስርሕ ስትራተጂያዊ ምዝላቕ፥

ንኹሉ ሓራ ቦታታት ብሓንሳብ ራሕሪሕካ፥ ናብ መዕቈቢኻ ምጕዓይ ኣይነበረን። ህ.ግ. ዓቕሚ ሰቡ ብዝኸኣል እናዓቀበ፥ ኣብ ዘድሊ እዋን መስዋእቲ እናኸፈለ፥ ብኹሉ ኩርናዓት ዝተወልዐ ውግኣት እናመከተ፥ ፖለቲካዊን ቁጠባዊን ዓለማታት ሰውራ እናተኸላኸለ፥ ካብ ጸላኢ ዝሰኣብ ንብረት እናሰለበ፥ ደረጃ ብደረጃ ናብቲ ናይ መጨረሽታ ቀዋሚ ዕርድታት ክኸውን ዝተመርጸ ቦታ ብምብጻሕ፥ ቀጻልነት ቃልሲ ዘረጋግጽ ደጀን ኣውሒሱ እዩ ንመስርሕ ምዝላቕ ተግቢርዎ። መዛኑ ዘይብሉ ጽንዓት፥ ተጻዋርነትን ተወፋይነትን ዝሓተተ መድረኽ ድማ እዩ ነይሩ። ምስዚ ተኣሳሲሩ፥ ቀጻልነት ናይቲ ቃልሲ ንምርግጋጽ፡ ኣብዚ መድረኽ'ዚ፥ ንህዝቢ በዐማሕበራዊ ቀጸላታቱ ዝውድቡን ዘንቅሓን ከም ናይ ተማሃሮን መንእሰያትን፡ ደቀንስትዮ፡ ሰራሕተኛታትን ሓረስቶትን ማሕበራት ብምቛም ሰፊሕ ፖለቲካዊ ስርሓት የካይድ ነበረ።

ስርዓት ደርግ ኣብቲ ዘካየዶ 5 ተኸታተልቲ ወራራት፡ ኣስታት 50 ሽሕ ሰራዊት ክኸስር እንከሎ፥ ብዙሕ ካብ ኣጽዋራቱ ታንክታቱን ወተሃደራዊ መካይኑን ተመንዚዑ ንብረት ሰውራ ኮነ። በዚ ድማ ናህሪ ወራራቱ ተዓጊተ። ህዝባዊ ግንባር ነዚ ብምምዝጋም፥ ኣብ መወዳእታ ታሕሳስ 1979ን ከምኡ'ውን ኣብ ጥሪ 1980 ኣብ ግንባራት ናቕፋን ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕልን ጸረ-መጥቃዕቲ ብምውሳድ፥ ኣብ ልዕሊ ወራሪ ሰራዊት ደርግ ሰፊ ዘይብል ክሳራ ኣውረዱ፥ ተወሰኽቲ ኣጽዋራት ሰለቡ፥ ሓይሉ ዝያዳ ኣደልደሉ። ድሕሪ'ዚ ስርዓት ደርጊ ንክልተ ዓመታት ዝኣክል ካብ ውግእ ተቘጠበ፥ ንኻልእ ዝዓበየን ናይ መጨረሽታን ደምሳሲ ወራር ሰፊሕ ምድላዋት ኣብ ምግባር ኣተወ።

### ኣብዚ ከቢድ ናይ ምዝላቕ እዋን፥

ኣብ መራሕቲ ተ.ሓ.ኤ. ምስ ስርዓት ደርግ ናይ ምውጋይ ዝምባሌታት ተኸሲቱ ነበረ። ህ.ግ. ምስ ሰራዊት ደርግ ሓያል ምርብራብ ኣብ ዘካይደሉ ዝነበረ እዋን ከኣ ተ.ሓ.ኤ. ጻርጋ ኣበርክቶ ኣይነበሮን። እኳ ድኣ ብኣንጻሩ፥ ንህዝባዊ ግንባር ብድሕሪት ናይ ምውጋእ ፈተነታት የካይድ ነበረ። እዚ ሸርሒታት'ዚ፥ ንመስርሕ ሃገራዊ ስምረት ኣብ ርእሲ ምዕንቃጹ፡ ኣብ መንጎ ክልቲኦም ውድባት ዝነበረ ግርጭት ዳግም ኣባልሐ። ኣብ 1981 ድማ ናብ ኩናት ሓድሕድ ኣምርሐ። በቲ ዝተኻየደ ውግእ፥ ተ.ሓ.ኤ. ካብ ሜዳ ኤርትራ ተጸሪጋ ንሱዳን ብምእታው ተበታቲናት። እዚ ምዕባለ'ዚ ተደላዪ እኳ እንተዘይነበረ፡ ሰውራ ኤርትራ ኣቓልቦኡ ከይተገዛዘዐ ምሉእ ሓይሉ ኣንጻር ወራሪ ሰራዊት ኢትዮጵያ ከቕንዕ ዘኽኣሎ ምዕባለ ነበረ።

ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ምስ ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ኩናት ሓድሕድ ተጸሚዱሉ ኣብ ዝነበረ እዋን፥ ደርግ ግዜ ወሲዱ፥ ሰፊሕ ንዋታውን ሰብኣውን ምቅርራባት ክገብር ዕድል ረኺቡ ነበረ። ድሕሪ'ዚ ኩሉ ምቅርራባት ድማ፥ ንሰውራ ኤርትራ ሓንሳብን ንሓዋሩን ካብ ገጽ መሬት ንምሕካኽ፥ "ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ" ዝጸዋዕ 'ናይ መወዳእታን ወሳንን' ዝበሎ ወተሃደራዊ ወፍሪ ከካይድ ወጥኑ ኣጻፈፈ። ካብ መላእ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዝተወከሉን ወጻኢተኛታት ደገፍቱን ዝተረኽቡሉ ጉባኤ ኣብ ኣስመራ ብምቕናዕ፥ "ኣስመራ ማኒፌስቶ" ዝተሰምየ ወግዓዊ ኣዋጅ ብምሕላፍን ድማ፥ ንመጠነ ሰፊሕ ወራር ኾነ።

ወተሃደራዊ ወጥን "ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ" ንሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ብኹሉ ወገን እንተላይ ብመሬት ሱዳን ተጠውዩ ኣብ ከበባ ብምእታው፥ ኣብ ውሽጢ 2 ወይ 3 ሰሙን ምሉእ ብምሉእ ምድምሳስ እዩ ነይሩ። እቲ ቀንዲ መጥቃዕቲ ቅድሚ ምጅማሩ፥ ስርዓት ደርግ ኣብ ከባቢታትን ካልእ ከባቢታት ኤርትራን ንዝንቀሳቐሱ ዝነበሩ ደባይ ኣሃዱታት ህ.ግ. መሺጡ ንምጽራግ "ኣልፋ ፕሮጀክት" ዝተሰምየ ሰፊሕ ወፍሪ ኣካየደ። ምንቅስቓስ ደጀን ህዝባዊ ግንባር ንምልማስ ድማ ብሌዘርን ብቐትርን ንወርሒ መመላእታ ዝቕጽል ብርቱዕ ደብዳብ ነፈርቲ ኣካየደ። ናብ 15 ለካቲት ኣብ ዘውግሐ ለይቲ ከኣ እቲ ቀንዲ ናይ መወዳእታን መጥቃዕቲ ብየገንባራት ናቕፋ፥ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል፥ ባርካን ሓልሓልን ተወልዐ።

እቲ ብኣርባዕቲኡ መኣዝን ዝወፈረ እልቢ ዘይብሉ ሰራዊትን ኣጽዋርን ንኹሉ ግንባራት ኣፍሪሱ ሰናጢቑን ድሕሪ 18 መዓልታት ኣብ ኣፍዓበት ክራኸብ ብስርዓት ደርግ ከም ውዱእ ተወሲዱ ነበረ። እንተኾነ፥ ብየገንባር ባርካ ዝተበገሰ መጥቃዕቲ ኣብ ውሽጢ ናይ ሳልስቲ ውግእ ኣብ ዘይተጸበዮ ድኑቡያ ኣትዩ ፍጹም ስለዝተደምሰሰ፥ ክቕጽል ኣይከኣለን። ግንባራት ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕልን ናቕፋን ንምስባር ዝተፈነወ መጥቃዕቲ ድማ ኣይሰለጠን። ን95 መዓልታት ከኣ ኣብዚ ግንባራት'ዚ ንምፍራስ ኣዝዩ መሪር ኲናት ቀጸለ። ብ20 ሰነ 1982 ድማ፥ እቲ ብዙሕ መስዋእቲ ዝተኸፍሎ መጠነ ሰፊሕን ዝበርትዐን ወራር፥ ብስዕረት ሰራዊት ደርግ ተዛዘመ። ደርግ ኣብዚ ኲናት'ዚ ልዕሊ 40,000 ሰራዊት ኣጥፊኡ፥ ከቢድ ሰብኣዊን ንዋታዊን ክሳራ ተሰከመ። 6ይ ወራር ህዝባዊ ግንባር ኣዝዩ ጽንኩርን ፈታንን መድረኽ ብዓወት ሰጊሩ ቀጻልነትን ተዓዋትነትን ሰውራ ዘረጋገጸሉ፥ ጽንዓትን መኸተን ህዝቢ ኤርትራ ንመግዛእቲ ዝያዳ ዝሓየለሉ፥ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ዝለዓለ ናይ ውግእ ብቕዓቱ ዘመስከረሉ ኣገዳሲ መድረኽ እዩ ነይሩ።

ስርዓት ደርግ እቲ ንክልተ ዓመት መመላእታ ምድላዋት ዝገበረሉ መጠነ ሰፊሕ 6ይ ወራር ድሕሪ ምፍሻሉ፥ ንሰውራ ኤርትራ ብሓይሊ ምድምሳስ ዘይክኣል ምዃኑ ክየገንዘበ እኳ እንተነበረ፥ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር በቲ ኣብ 6ይ ወራር ዝገጠሞ ከቢድ ውግእ ተዳኺሙ እዩ ብዝብል ቅማረ፥ ዓመት ኣብ ዘይመልእ ግዜ፥ ማለት ኣብ መጋቢት 1983 "ኻልኣይ ገጽ ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ" ዝተሰምየ 7ይ መጠነ ሰፊሕ ወራር ኣበገሰ። እዚ ወራር'ዚ፥ ብኣንጻር 6ይ ወራር ብዘይእንኮ መጋዲ "እንተዳዕና ቀዳ እንተዘይቀዳ ሕንጣጦ" ኢሉ ዘዅለ ብምንባሩ ድማ ብተጋደልቲ "ስሌሕታ ወራር" ተባሂሉ ተጸውዐ። ስሌሕታ ወራር እውን ከም 6ይ ወራር ድሕሪ ናይ ኣርብዐ ኣዋርሕ ምርብራብ ዝኾነ ፍረ ከየምጽአ ብስዕረት ሰራዊት ደርግ ተዛዚሙ።

ይቕጽል . . .



# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ዘዋሪት ዋንጫ ቅድድም ብሽክለታ ተዛዚሙ
### ብርኽቲ በሪኻ

ዘዋሪት ዋንጫ ቅድድም ብሽክለታ ዞባ ማእከል 2025፡ ሰንበት 13 ሚያዝያ ብናይ ቸርኪቶ ውድድር ኣብ ከባቢ ኢንሹራንስ ተዛዚሙ።

ሓሙሻይ መድረኽ ዘሰላሰላ ደቂ ኣንስትዮ፡ 71.7 ኪሎሜተር ሸፊነን። ንኹሉ ውድድር መራሒቶ ዝኣተወት ተቐዳዳሚት ዓራግ - ብርኽቲ ፍስሃየ፡ ብዋዜ ከምኡ'ውን ንናይ ዓቕብ ውድድር ከምእትዕወተሉ ኣረጋጊጻ እያ ኣትያ። እንኮ ትተርፉ ናይ ነጥቢ ውድድር ነይሩ፣ ኣባል ደንደን - ሮምና ገብሸ፡ ብሓሙሽተ ነጥቢ ጥራይ ድሒራ ትስዕብ ብምንባራ።

ሮምና፡ ኣብዘን ኣብ መንጎ ውድድር ዝበራ ክልተ ናይ ነጥቢ ቅጽበታዊ ውድድር (ኢንተርሚደይት)፡ ብተኸታታሊ ቀዳመይቲን ካልኣይቲን ብምውጻእ፡ ብድምር ሓሙሽተ ነጥቢ ከሲቡ፡ ብርኽቲ ዝኾነ ኣይወሰኸትን። በዚ ድማ ወሃሉል ነጥበን ማዕረ 36 ኮይኑ። ኣብ መዛዘሚ ካብ ክልተአን ቀዲማ ዝኣተወት (ክሳብ 10ይቲ ነጥቢ ይወሃብ እዩ) ከኣ ዕወትቲ ናይ ሽኢ ትኸውን ነይራ።


ጋንታ ዓራግ

መሳጢ ኣብ ዝበረ ናይ መዛዘሚ ሽኢ ግና፡ ለሚ ዓመት ካብ ጋላ ነፍሐ ናብ ዓራግ ዝሰገረት - ብርኽቲ ንተቐዳደሚት ሰራደር ሳዋ - ሰዶን ሃብተየም ብጸቢብ በሊጻ ቀዳመይቲ ኣትያ፣ 11 ነጥቢ ድማ ወሰደት። ኣድያም ዳዊት፡ ንጓል ጋንታኣ ሮምና ኣኸቲላ ሳልሰይቲ ኣትያ፡ ሸሞንተን ሸውዓተን ነጥቢ ኽኣ ወሰደን።

በዚ ወጽኢት፡ ብርኽቲ፡ ብ47 ነጥቢ ብልጽቲ ሸኻኹት እዚ ውድድር ኮይና። ሮምና 43፡ ኣድያም 38 ነጥቢ ኣኪባ መድረኽ ደይበን። ብርኽቲ፡ ብ17 ነጥቢ'ውን ኣንበሳ ዓቕብ ኮይና። ተቐዳደሚት ደቡብ - ሰላም ፍስሃየ ከምኡ'ውን ኣድያም፡ ብተኸታታሊ ብ12ን 11ን ነጥቢ ካልኣይቲን ሳልሰይቲን ወጺአን።

ብዋብኡ ኸኣ - ብርኽቲ፡ ብሓፈሻዊ ግዜ - ብ13 ሰዓት፡ 10 ደቒቕን 31 ካልኢትን ዕወትቲ ናይዚ ውድድር ኮይና። ሰላም፡ 35 ካልኢት፡ ሞናሊዛ ኣርኣያ - ዓራግ 1 ደቒቕን 41 ካልኢትን ድሒረን ፖድየም ደይበን። በዚ ድማ ብርኽቲ ንሰለስተኡ ብምጥቕላል ካብ መዛኑኣ በሪኻ።

ብዘይካ'ዚ፡ ብሓባር ዘወዳደራ ብዕድመ ግና ካልኣይ ዲቪዥን (ጁንየር) ተባሂለን ኣብ ዝተኸፍላ ተቐዳደምቲ፡ ብዋዜ - ሰዶን ሃብተየም ተዓዊታ። ርዚና ብርሃ - ዓራግ ሰዒባታ። ሰዶን፡ ናይዚ ምድብ ኣንበሳ ዓቕብ'ውን ተባሂላ። ርዚናን ናርዶስን ተኸቲለናኣ።

ተቐዳደሚት ጋንታ ደቡብ - ናርዶስ ጺጋይ፡ ንናይ ነጥቢ ውድድር ተዓዊታትሉ - ብ22። ሰዶን ከምኡ'ውን ኣርሴማ ዓንደጼን - ዓራግ፡ ብተመሳሳሊ 12 ነጥቢ ሰዒበናኣ።

ብጋንታ ድማ፡ ዓራግ ንፈለማ ግዜኡ ተዓዊታ - ንጋንታ ደቡብን ሰራደር ሳዋን ኣኸቲላ።

ብተመሳሳሊ ሓሙሻይ መድረኽ ዘዩዳ ዓበይቲ ደቂ ተባዕትዮ፡ 100 ኪሎሜተር ተሰሪዐሎም። ብምንጋም ኣብ ሰዓት 43.8 ኪሎሜተር እናረገጹ ድማ - ብ2 ሰዓት፡ 16 ደቒቕን 52 ካልኢትን ዛዚሞሞ። ተቐዳዳማይ ናይታ ቀስ ብቐስ ተወዳዳሪት ትኸውን ዘላ ጋንታ ደቡብ - ርቢል ሃብተማርያም ከኣ ብሰሓቢ ሽኢ ንሄብሮን ብርሃ - ሰምበል በሊጹ ተዓዊቱ። ዳጆም ፍጹምብርሃን - ኣስቤኮ፡ ሳልሳይ ኣትዩ።

ናይ ሓሙሽተ መድረኻት ድምር 720.5 ኪሎሜተር፡ ብዝወሓደ ግዜ ማለት - ብ18 ሰዓት፡ 38 ደቒቕን 29 ካልኢትን ዝወደአ ኢሰርም እስቲፋኖስ ካብ ሰምበል ድማ ዕወት ዘዋሪት ዋንጫ ኮይኑ። ጳውሎስ ጉብረሚካኤል - ደንደን፡ ሓሙሽተ ካልኢት ተፈንቲቱ ሰዒብዎ። ናይ ኣስቤኮ - ፋንኤል ሰለሙን ከኣ፡ 1 ደቒቕን 26 ካልኢትን ድሒሩ ሳልሳይ ወጺኡ።

ኢሰርም፡ ብ20 ነጥቢ'ውን ኣንበሳ ዓቕብ ኮይኑ። ብተኸታታሊ 13ን 12ን ነጥቢ ዝኣከቡ - ርቢል ሚካኤል ካብ ደንደን፡ ናይ ውልቂ ተቐዳዳማይ ርቢል መሓሪ ሰዒቦሞ።

ብነጥቢ'ውን፡ ናይ ሰምበል ተቐዳዳማይ ሄብሮን እዩ ብ27 ነጥቢ ተዓዊቱ። ናኣድ ብርሃ - ደንደን 21፡ ርቢል መሓሪ ብ15 ነጥቢ መድረኽ ደይቦም።

ብጋንታ ድማ፡ ደንደን ንካልኣይ ተኸታታሊ ግዜኣ ንዘዋሪት ዋንጫ ኣልዒላታ። ሰምበል'ውን ክልተ ግዜ ወሲዳታ እያ፣ ኣስቤኮ ከኣ ሓንሳብ ኣልዒላታ። ደንደን ኣብ ዝመጽእ ንሳልሳይ ግዜኣ ምስ እትዕወተላ ድማ ክትጥርንፋ እያ።

ብዘይካ'ዚ፡ ብውልቀም ብሉጽ ጸወታ ዘርኣዩ - ርቢል መሓሪ፡ ማቱሳላ ኤፍሬምን ሰራፍኤል ተስፋጼንን ተመራሪሖም ደረጃኦም ሓዚሞም።

ካልኣይን ሳልሳይን ዲቪዥን'ውን ኣብቲ ዕለት ራብዓይን መዛዘሚን መድረኽ ኣሰላሲሎም። 70 ኪሎሜተር ኣብ ዝተሰርዓሎም ካልኣይ ዲቪዥን (ጁንየር)፡ ተቐዳዳማይ ጋንታ ናትና - ኤፍሬም ዘርኣጋብር ተዓዊቱ። ሚካኤል ዳኒኤል - ደንደን፡ ኣርምያስ ዑቕባይ - ትጸቢት፡ ተኸቲሎሞ።

ብዋዜ ዕወት ናይዚ ምድብ፡ እሰይ ሙሴ - ሰምበል ኮይኑ። ኤሉድ ክፍሎም - ኤሪተል፡ ኬቨን ተኽለማርያም - ኣስቤኮ ካልኣይን ሳልሳይን ወጺኦም። እሰይ፡ ንናይ ዓቕብ ውድድር'ውን ተዓዊቱ። ተቐዳደምቲ ደንደን - ሚኪኤለ ዳኒኤልን ናታን ተሰፉኣለምን ሰዒቦሞ።

ኬቨን ድማ፡ ናይ ነጥቢ ውድድር ተዓዊቱሉ - ብ20 ነጥቢ። ሚኪኤለን ናታንን ድማ፡ መድረኽ ተማቒሎም።

ብደረጃ ጋንታ ድማ፡ ሰምበል ንፈለማ ግዜኣ ዕወትቲ ኮይና።

ብዘይካ'ዚ፡ ናታን ሳሙኤል - ደንደን፡ 50 ኪሎሜተር ንዝሸፈነ ናይ ሳልሳይ ዲቪዥን (ዩር) ራብዓይ መድረኽ ተዓዊቱሉ። ኣሚኒደኣብ ወልደየውሃንስ - ትጸቢት፡ የብል ተሰፉ - ኣሰር ሰዒቦሞ።

ኣሚኒደኣብ፡ ብነጥቢ ንናይ ዓቕብ ክዕወተሉ እንከሎ፡ ኣብ ናይ ነጥቢ - ንፍታሌም ቅዱስ ካብ ኢዩቢ.ኣኤን ከምኡ'ውን ዳጆም ሰለሙን ካብ ትጸቢት ተኸቲሎሞ። ኣብ ናይ ዓቕብ ድማ፡ ናይ ገጀረት ሲራክ በረኸት ከምኡ'ውን ዳጆም ሰዒቦሞ።

ትጸቢት ድማ፡ ብጋንታ ተዓዊታ።


ዕወት ሓሙሻይ መድረኽ ተቐዳዳማይ ደቡብ - ርቢል ሃብተማርያም

**ትዕዝብቲ**

* ኣብ እዋን ጽምብል ብዘይካ ሰለስተ ሳዕለዎት ተቐዳደምቲ፡ ፍቓድ ዝተዋህቦም ናይ ሚድያ ኣካላትን ኣካየድቲ፡ ካልእ ሰብ መድረኽ ክድይብ (ኣብ ከባቢኡ ክህሉ) ኣይፍቀድን እዩ - ሓደ ካብ ሕግታት የሰኣይ እዩ።

እዚ ሕጊ ወላ'ኳ ከም'ቲ ኣካየድቲ ዝውድብዎ ቁሩብ ዝፈላለ እንተኾነ፡ ቀንዲ ዕላማኡ ግና፡ ኣብ እዋን ጽንብል ኣብ መድረኽ ስርዓትን ጸጥታን ምሕላው እዩ።

ኣብዚ ናይ ሰንበት ውድድር ግና (ዳርጋ ኣብ ኩሉ ናይ ዞባ ማእከል ውድድር እውን ደርአ እዩ እንተተባህለ ምግናን ኣይኮነን) መድረኽ ንተቐዳደምቲ ጥራይ ዝተዋሕሰ ኣይነበረን። ኣሸሓት ዘፍስሱ ዘለዉ ስድራ-ቤታት ምስ ውሉዶም ሓንሶም ክጽምብሉ ዝበሃጉ እኳ እንተኾኑ፡ ዘርከበ ዝኣተ እንተኾይኑ ግና፡ ስርዓትን ጸጥታን ዘፍርስ እዩ፣ ግዜ'ውን ይምጠጥ። ኣቓልቦ ዝስሕቡ ተግባራት ዝዑብሩን መድረኽ ክድይቡ ዝፍትኑን ሰባት'ውን፡ ኑፃም ክርህጹ ዝወዓሉ ዕወታት፡ ምሉእ ኣቓልቦን ሽፈነ ካሜራን ከይረኽቡ ይዕንቅጹዎም እዮም።

በዚ ኮይኑ በቲ፡ ብሕግታት የሰኣይ ክምዝኸዱ ዝገልጹ ኣካየድቲ ፈደረሽን፡ ንምሉእ ጽጡፍ ውድድር ኣብዚ ጉዳይ ኣቓልቦ እንተዝህቡ ግርም ምኾነ። እቲ ንብዙሓት ዕወታት እዚ ጉዳይ ተወሲኹዎ ኣስታት 40 ደቓይቕ ዝወሰደ ጽንብል'ውን ብመጠኑ ምሓጸረ ነይሩ።

## ደንደን፡ ብናይ 100% ዓወት ናብ ዋንጫ ትግስግስ
### ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ' ቀጺሉ

መበል 13 ሰሙን ሻምፕዮን ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ' ዞባ ማእከል፡ ብቐደሚ ትማሊ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ብሰለስተ ግጥማት ቀጺሉ።

ፈለማ ብ22 ነጥቢ ሓዛ ሳልሳይ ደረጃ ዘላ ኣልታሕረርን 13 ነጥቢ ብምእካብ ሻድሻይ ደረጃ ዘላ ክንፈ (ሓይሊ ኣየር) ገጢመን። ክንፈ ኣብ ሻውዓይ ደቒቕ ብመገዲ ቢላል መሓመድ ጣህር ብዘርከበታ ሸቶ 1-ብ0 ንዕረፍቲ ወጺኦ።

ኣልታሕረር ድማ፡ ኣብ መበል 75 ደቒቕ ብመገዲ መሓመድ ኣንዋር ሸቶ ብምቕጻር ተመዓራርያ። ጸወታ 1-ብ1 ብምዝዛሙ ድማ፡ ሓሓንቲ ነጥቢ ሒዘን ወጺአን። ተጻዋታይ ክንፈ ናፍዕ መሓመድ ሳሊሕ፡ ናይቲ ግጥም ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ።

ካልኣይቲ ዘላ ቀይሕ ባሕሪ ንጉዳይፍ እያ ገጢማታ። ኣብ መበል 22 ደቒቕ ብመገዲ ቤነህር ኣማኑኤል ልዕሊ ጉዳይፍ ዝደፈረት ቀይሕ ባሕሪ ዓብላሊት ኮይና እያ ወዲኣ። ኣብ ካልኣይ እብረ ድማ፡ ክልተ ካብ ሰምኣን ኣስመላሽ፡ ሓሓንቲ ድማ ካብ መድሃኔ ረድኢን ቤንህር ኣማኑኤልን ብዘቖጸረተን ሸቶታት 5-ብ1 ተዓዊታ። ጉዳይፍ፡ ንእንኮ ሸቶኣ ካብ ተመስገን ተስፋይ እያ ረኺባታ። ብሉጽ ተጻዋታይ ናይቲ ግጥም፡ ቤነህር ተሰምዩ።

ናይቲ ዕለት ልዑል ኣተኩሮ ዝተወሃቦ ግጥም፡ ንደንደንን ኣዱሊስን ዘራኸበ ነይሩ። ጸቡቕ ተወዳዳርነት ዝተራእየ እዚ ጸወታ፡ ቅድሚ ዕረፍቲ ብዘይሸቶ ተዛዚሙ።

ናይ 100% ናይ ዓወት ጉዕዞኣ ንምዕቃብ ትሰርሕ ዘላ ደንደን፡ ኣሰልጣኒኣ ሳምሶን ሃብተማርያም 'ፍጹም ቅላዕ ትግበሩና እያ' ብምባል ምስ ምስ ዳኛ ብምትራኹ፡ ብቀይሕ ካርድ ተባሪሩ። ተጻዋታይ ሴም ተኪአ ግና፡ ብርእሱ ገጪዩ ሸቶ ብምቑጻር መድሕን ኮና። ኣብ መበል 75 ደቒቕ ተኸላኻሊኣ የሴፍ ጺጋይ ብክልተ ብጫ ካርድ ዝተባረረ ደንደን ድማ፡ ብጸቢብ 1-ብ0 ተዓዊታ ጉዕዞኣ ኣውሒሳ። ሴም ድማ፡ ናይቲ ጸወታ ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ። ደንደን ብ39 ትመርሕ፣ ቀይሕ ባሕሪ 30፡ ኣልታሕረር 23 ነጥቢ ይስዕባ።

## ሓሙሽተ ተቐዳደምቲ ናብ ዩሲኣይ ኣምሪሖም

ትማሊ ምሸት፡ ኤልያና በረኸት - ደንደን፡ ቤትኤል ኤፍሬም - ጋንታ ደቡብ፡ ኬቨን ተኽለማርያም - ኣስቤኮን ኣብ ስዊዘርላንድ ናብ ዝርከብ መሰልጠኒ ማእከል ኣምሪሖም።

ኣብቲ ዕለት፡ ኣቐዲሞም ካብ ዝሓለፈ ዓመታት ጀሚሮም ናብቲ መሰልጠኒ ማእከል ዝተጸምበሩ - ያፈት ሙልጌታን ዓወት ኣማንን እውን ስልጠንኦም ወዲኦም እዮም።

ዕላማ ናይ'ዚ ስልጠና፡ ዝመጽእ ወርሒ መስከረም ኣብ ርዋንዳ ኣብ ዝካየድ 'ሻምፕዮን ዓለም' ንምድላው ምኻኑ ተሓቢሩ።

## መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

ሻምፕዮና ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ'
ኣስመራ በራ - ፓራዳዝ 2፡00 ድ.ቀ
ማይ ተመናይ - ኩባንያ ሰምበል 4፡00 ድ.ቀ

ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ
ካልኣይ እግሪ ርብዒ ፍጻመ
ኣስቶን ቪላ - ፒኤስጂ 10፡00 ድ.ቀ (ቻነል-2)
ዶርትሞንድ - ባርሴሎና 10፡00 ድ.ቀ

**ጽባሕ**

ሪያል ማድሪድ - ኣርሰናል 10፡00 ድ.ቀ (ቻነል-2)
ኢንተር ሚላን - ባየር ሙኒክ 10፡00 ድ.ቀ

# ዜና ዓለም

ማርታ ክብሮም

## ኣመሪካን ኢራንን ኑክሌሳዊ ዝርርብ ኣካይደን

ወከልቲ ኣመሪካን ኢራንን ዝሓለፈ ቀዳም ኣብ ጉዳይ ኑክሌሳዊ መደብት ኣመልኪቶም ብመንገኛኑት ዖማን ናይ መጀመርታ ዘይቀጥታዊ ዝርርብ ኣካዪዶም።

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኢራን ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ፡ እቲ ኣብ ጉዳይ ኑክሌሳዊ መደባትን ምልዓል እገዳታትን ኣተኩሩ ዝተኻየደ ዝርርብ ሃናጺን ኣብ ሓድሕዳዊ ረብሓ ዝተመርኮሰን ከምዝነበረ ገሊጹ።

ብመሰረት ማዕከናት ዜና ኢራን፡ ክልቲኦን ሃገራት ደጊመን ዝመጽእ 19 ሚያዝያ'ውን ብመገዲ ወከልተን ኣብ ዖማን ክራኸባ እየን።

ቤት ጽሕፈት ዋይት ሃውስ ብወገኑ፡ እቲ ዝርርብ እወታውን ሃናጽን ከምዝነበረ ድሕሪ ምጥቃስ፡ ንክልተኣዊ ዝምድና እተን ሃገራት'ውን ሓደ ስጉምቲ ንቕድሚት ዝደፍእ ከምዝኾነ ገሊጹ።

እቲ ዝርርብ፡ ነቲ ኣብ መንጎ ኣመሪካን ኢራንን ተፈጢሩ ዘሎ ምትፍናን ንምእላይ እወታዊ ተራ ከምዝህልዎ'ውን ሓያሎ



ወገናት ገሊጾም።

እቲ ርክብ፡ ኣብ መንጎ ፍሉይ ልኡኽ ኣመሪካ - ስቲቭ ዊትኮፍን ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኢራን ዓባስ ኣራጋቺን እዩ ተኻዪዱ።

ላዕለዎት ሓለፍቲ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ዖማን ድማ፡ ኣብ መንጎ ክልቲኦም ኮይናም ነቲ ዝርርብ ይቕልስዎ ከምዝነበሩ ተፈሊጡ።

ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ኣቐዲሙ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ዝርርብ ብዘይፍረ ምስዝዛዘም፡ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ'ታ ሃገር ወተሃደራዊ ስጉምቲ ክትወስድ ከምእትኽእል ኣጠንቂቑ ነይሩ።

## ኣብ ዩክሬን፡ ብሚሳይል ሩስያ ልዕሊ 30 ሰባት ተቐቲሎም

ሰራዊት ፈደረሽን ሩስያ፡ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ዩክሬን ኣብ እትርከብ ከተማ ሱሚ ብዝፈጸሞ መጥቃዕቲ ባለስቲካዊ ሚሳይል፡ ክልተ ህጻናት ዝርከብዎም 34 ሰባት ክቕተሉ ከለዉ፡ ካልኦት ልዕሊ ሚእቲ ሰባት ከኣ ከምዝቖሰሉ ሰብ' መዚ ናይ'ታ ሃገር ገሊጾም።

ፕረዚደንት ዩክሬን ቮሎድሚር ዘለንስኪ፡ ነቲ ሩስያ ኣብ ልዕሊ ሃገሩ እትፍጽሞ ዘላ ተደጋጋሚ መጥቃዕትታት ደው ንኸተብሎ ማሕበረሰብ ዓለም ግብረ-መልሲ ክህብ ጸዊዑ።



ሰብ'መዚ ዩክሬን፡ እቶም ግዳያት፡ ብምኽንያት በዓል ሆሳእና ሰንበት ንጸሎት ኣብ ሓደ ቤተ-ክርስትያን ኣብ ዝተኣከቡሉ እዋን ብኽልተ ሚሳይል ከምዝተደብደቡ'ዮም ዝሕብሩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ዩክሬን ነቲ ኣብ መንጎ ኣመሪካን ሩስያን ዝተበጽሐ ስምምዕ ብምጥሓስ፡ ኣብ ልዕሊ ክልተ መሳለጥያታት ጸዓት ሩስያ መጥቃዕቲ ከምዝፈጸመት ሚኒስትሪ ምክልኻል ሞስኮ ከሲሱ።

መራሕቲ ኣመሪካን ሩስያን ዝሓለፈ 18 መጋቢት ብቴለፎን ኣብ ዝገበርዎ ርክብ፡ ሩስያን ዩክሬንን ኣብ መሳልጥያታት ጸዓት ዝፍጽማኦ መጥቃዕቲታት ን30 መዓልቲ ደው ከብላኦ ተሰማሚዖም ምንባሮም ይዝከር።

ይኹን'ምበር፡ ዩክሬን ነቲ ስምምዕ ብምጥሓስ፡ ኣብ ዞባ በልጎሮድ - ኣብ ልዕሊ ክልተ መሳለጥያታት ጸዓት ደብዳብ ከምዝፈጸመት፡ ከም ሳዕቤኑ ድማ ልዕሊ 600 ስድራቤታት ብዘይ-ሓይሊ ኤለክትሪክ ተሪፈን ከምዘለዋ፡ እቲ ሚኒስትሪ ሓቢሩ።

## ፓኪስታንን ቤላሩስን ሽርክነት ይምስርታ

ፓኪስታንን ቤላሩስን፡ ኣብ ዝተፈላለየ ዓውድታት ዘለዋኦ ምትሕብባር ከዕብያ፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ቁጠባዊ መዳይ ዝምድናኦን ከደልድላ ተሰማሚዐን።

እተን ሃገራት ኣብዚ ስምምዕ ዝበጽሓ፡ ኣብ ቤላሩስ ናይ ክልተ መዓልታት ምብጻሕ ንምፍጻም ናብታ ሃገር ዘምርሐ ቀዳማይ ሚኒስተር ፓኪስታን ሸባዝ ሸሪፍ፡ ምስ ፕረዚደንት ቤላሩስ ኣሌክሳንደር ሉካሸንኮ ድሕሪ ምዝርራብ እዩ።



እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ናብ ቤላሩስ ኣብ ዝኣተወሉ እዋን፡ ብወተሃደራዊ ስልፊ ዝተሰነየ ድሙቕ ኣቀባብላ ከምእተገበረሉ ድማ ሮይተርስ ሓቢሩ።

ክልቲኦም ወገናት ኣብ ርክቦም፡ ፓኪስታንን ቤላሩስን ኣብ መዳያት ምክልኻል፡ ንግድን ቁጠባን ዘጸንሑን ዝምድና ንምምዕባል ዘኽእሉ ዝተፈላለዩ ስምምዓት ከምዝኸተሙ'ዩ ዝሕበር ዘሎ።

ብዘይካዚ፡ ፓኪስታን ልዕሊ 150 ሽሕ ሞያውያን መንእሰያት ሰራሕተኛታት ናብ ቤላሩስ ንምልኣኽ'ውን ተሰማሚዖም ኣለዉ።

ሸባዝ ሸሪፍ ድሕሪ'ቲ ርክብ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ሃገሩ ብፍላይ ኣብ ምፍራይ ሕርሻዊ ማሽነሪታት ካብ ቤላሩስ ብዙሕ ተመኩሮ ክትቀስም ከም እትደሊ ገሊጹ።

ፕረዚደንት ቤላሩስ ኣሌክሳንደር ሉካሸንኮ ብወገኑ፡ ቤላሩስ በቲ ካብ ፓኪስታን ዝመጽእ ከም ሕርሻዊ ምህርቲ፡ መድሃኒታት፡ ክዳውንትን ጫማታትን ዝኣመሰለ ንግዳዊ ፍርያት ዕግብቲ ምኻና ሓቢሩ።

ክልቲኦም መራሕቲ ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ዞባውን ኣህጉራውን ጉዳያት ኣመልኪቶም ከም እተመያየጡ'ውን ተፈሊጡ።

ቤላሩስን ፓኪስታንን ኣብ ታሕሳስ 2024 ኣብ 15 ጽላታት ሓባራዊ ናይ ምርድዳእ ስምምዓት ከቲመን ከምዝነበራ ኣይርሳዕን።

## ህንዲ - ቁጽሪ ግዳያት ዕልቕልቕ ይውስኽ

ኣብ ማእከላይን ምብራቓውን ክፋል ህንዲ ብዘውቅዕ ዘሎ ብርቱዕ ዝናብ ኣብ ልዕሊ ሰብትን ንዋትን ዘወርድ ዘሎ ክሳራ ከምዝወሰኸ ይሕበር ኣሎ።

ቢሂ ባህርያዊ ሓደጋ ክሳብ ሕጂ ልዕሊ 100 ሰባት ከምዝሞቱ፡ ሰብ'መዚ ናይ'ታ ሃገር ገሊጾም።

ብፍርስራስ ናይ ህንጻታት ዝተደብዑ ግዳያት ክህልዉ ከምዝኽእሉ ዝሓብሩ እቶም ሰብ'መዚ፡ ቁጽሪ ግዳያት ክዕድግ ተሰገኡ ከምዝሃሉ ድማ ገሊጾም።



ቢሂ ሓደጋ ኣብ ልዕሊ መንበረ-ኣብያት ከቢድ ዕንወት ብምውራዱ፡ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ነበርቲ ከምዝተመዛበሉ'ውን ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ።

ብዘይካ'ዚ፡ ብሰንኪ እቲ ሓደጋ ኣብቲ ከባቢ ኣገልግሎት መጓዓዝያ ምድሪ፡ ትምህርትን ካልእ ንጥፈታትን ተቛሪጹ ኣሎ።

ክኢላታት ሜትሮሎጂ ናይ'ታ ሃገር፡ እቲ ዝናብ ብሕጂ'ውን ንገለ መዓልታት ክቕጽል ከምዝኽእል ድሕሪ ምጥንቓቖም፡ ዝገደደ ክሳራታት ከየስዕብ ተሰጊኦ ከምዝሎ ይሕበር ኣሎ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብታ ጎረቤት ህንዲ ዝኾነት ኔፓል'ውን ብሰንኪ ዝዘንብ ዘሎ ብርቱዕ ዝናብን በርቕን ሸሞንተ ሰባት ከምዝሞቱ ተፈሊጡ ኣሎ።

ኣብ ህንዲ ብተደጋጋሚ ብዝጋጥም ሓደጋታት ዕልቕልቕልን ምህምም መሬትን ሰፋ ዘይብል ሰባዩ፡ ንዋታውን ቁጠባውን ክሳራታት ከምዘወርድ ጸብጻባት ይጠቕሱ።

ኣብ ህንዲ ዝርከብ ዩኒቨርሲቲ ፋክር ሞሃን ኣብ ዘቐረቦ መጽናዕቲ፡ ካብ 1967-2020 ኣብ ዝነበረ ዓመታት ጥራይ፡ ብሰንኪ ሓደጋታት ዕልቕልቕልን በርቕን ልዕሊ 100 ሽሕ ሰባት ከምዝሞቱ፡ ድሕሪ 2020 ከኣ እቲ ቁጽሪ ብልዑል ናህሪ እናወሰኸ ይኸይድ ከምዝሎ ገሊጹ።

## ቓዛ - ኣገልግሎት ክህብ ዝጸንሐ እንኮ ሆስፒታል ተደብዲቡ

እስራኤል ኣብ ወሰመጥ ቓዛ ብዝፈጸሞ መጥቃዕቲ፡ ኣል-ኣህሊ ዝተባህለ ኣገልግሎት ክህብ ዝጸንሐ እንኮ ሆስፒታል ብምድብዳብ ከቢድ ዕንወት ከምዘውረደትሉ፡ ሰብ'መዚ ጥዕና ናይ'ቲ ወሰመጥ ኣፍሊጦም።

ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ዝተዘርግሐ ተንቀሳቓሲ ስእሊ ድማ፡ ድሕሪ'ቲ ደብዳብ፡ ሰራሕተኛታትን ሕሙማትን ናይ'ቲ ሆስፒታል ህይወቶም ንምድሓን እናጎየዩ ክወጽኡ ተራእዮም።

ዝበዝሑ ኣብቲ ሆስፒታል ተዓቒቦም ዝነበሩ ግዳያት ደቂ-ኣንስትዮን ህጻናትን ከምዝኾኑ'ውን ተፈሊጡ ኣሎ።

ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ከተማ ቓዛ ዝርከብ ሆስፒታል ኣል-ኣህሊ፡ ቅድሚ ምጅማር እቲ ኩናት ንእሽተይ ማእከል ጥዕና ዝነበረ ኮይኑ፡ ካብ ዝሓለፈ ቀረባ እዋን ጀሚሩ ኣብቲ ወሰመጥ ኣገልግሎት ክህብ ዝጸንሐ እንኮ ሆስፒታል እዩ።

መንግስታዊ መራኸቢ ብዙሃን ናይ'ቲ ወሰመጥ ኣብ ዘርግሐኦ ሓበሬታ፡ "እስራኤል ኣማኢት ሕሙማትን ሰራሕተኛታትን ንዝነበሩዎ ሆስፒታል ኣል-ኣህሊ ዒላማ ብምግባር ዘስካሕክሕ ገበን ፈጺማ" ክብላ ከሲሰን።

ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ 2023 እውን ኣብቲ ሆስፒታል ብዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ኣማኢት ሰባት ከምእተቐትሉ ይዝከር።

እስራኤል፡ ነቲ መጥቃዕቲ ነቲ 'እስላማዊ ጅሃድ' ዝተባህለ ፍልስጤማዊ ዕጡቕ ጉጅለ ዝወንጨፎ ዕላማኡ ከይሃረመ ዝፈሸለ ሮኬታት ግብረ-መልሲ ንምሃብ ኢላ ከምዝፈጸመቶ'ያ ትገልጽ።

ብ7 ጥቅምቲ 2023፡ ሓማስ ኣብ ደቡብ እስራኤልን ወሰመጥ ቓዛን ብዝፈጸሞ ሃንደበታዊ መጥቃዕቲ ኣስታት 1200 እስራኤላውያን ድሕሪ ምቕታሎም፡ እስራኤል፡ ኣብ ልዕሊ ወሰመጥ ቓዛ ሰፊሕ መጥቃዕቲ ከምዝኸፈተትን ዛጊት ህይወት ልዕሊ 50 ሽሕ ፍልስጤማውያን ከምዝጠፍኣን ይጥቀስ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኣድራሻ | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ሚለንዮም | 15/04/2025 | ጎደና ባሕሪ ባራ 191 ቁ.8፡ ማይ ጭሆት ትሕቲ መስጊድ | 07153448 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ    ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services